ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.299 ቀዳም 15 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ተመኩሮይን ተመኩሮኻን

ገጽ 4
ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ዘማዕበለ ክኢላ


ገጽ 5
ኣደንጓልን


ገጽ 10
"ሰብ ንኽብዱ ጥራሕ ክኑብር የብሉን" መም. መድህን


ገጽ 11
ዓንሰባ - ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት . . .


# ጎልጅ - ተራ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ክዓቢ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ



ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ከቢድ ኣካላውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሳዕቤናት ዘስዕቡ ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ መራሕቲ ሃይማኖትን ጸለውቲ ሰባትን ክዓቢ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ብዘዕባ ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ምኽንኻብ ጓልኣንስተይተን ዝርከብዎም ጎዳእቲ ልምድታት ምስ ነበርቲ 16 ምምሕዳራት ኮቢ ኣብ ዝተገብረ ርክባት፡ ዝካየድ ኣሳንሳዊ መደባት ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎን ኣበርክቶን ሕብረተሰብ ውጽኢት ክርከቦ ስለዘይክእል፡ ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖት ብዘለዎ ክሰርሑሉ ከምዝግባእ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሲ ዘርኣሚካኤል፡ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ኣብ ሓጺር ግዜ ዝትግበር ቀሊል ዕማም ስለዘይኮነ፡ ብመንገዲ መራሕቲ ሃይማኖትን ጸለውቲ ሰባትን ዝግበር ጻዕሪ ክዓዚዝ ጸዊዑ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ጊላይ ሞኣዘዚ ብወገኑ፡ ምኽንኻብ ጓልኣንስተይትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሓደገኛ ሳዕቤናት ስለዘለዎ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘበርኽ ኣሳንሳዊ መደባት ብዘለዎ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሳላ ዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ኣሳንሳትን ኣስተምህሮታትን መረዳእታ ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጽኡ እቲ ተርእዮ የንቈልቁል ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ መልክዑ ክቕጽል ተላብዮም።

# ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ንኣብነታውያን መምህራን ደቂኣንስትዮ ሸሊሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ብ12 ነሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝወደቦ መደብ፡ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ንዝተመርጹ 65 ኣብነታውያን መምህራን፡ ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን ዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ትምህርትን ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብን ዝተረኸቡሉ ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ሞያዊ ስኑ-ምግባር፡ ተወፋይነት ኣብ ስራሕ፡ ምድላውን ምትግባርን ውጥን ምህሮ፡ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ዝምድና ምስ ወለድን ሕብረተሰብን፡ ከምኡ'ውን ንውልቃዊ ሞያዊ ምዕባለ ዝወሰድ ተበግሶታት፡ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት ናይ'ቲ ሽልማት ምንባሮም ተሓቢሩ።



ስእሊ ፋልሞን ትካቦ

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ሁብትዝጊ ኪዳን፡ እተን ንሽልማት ዝበቕዓ መምህራን፡ ኣርኣያ ኩይነን ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ድርኺት ክፈጥራ ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጹ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገና፡ ተሳታፍነትን ብቕዓትን ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ'ኳ እንተሎ ዚያዳ ክድራዕ ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ ንኹሎም መምህራን ኣብ ግምት ዘእተወ ንምግባሩ ከምዝሰራሕ ኣነጺራ።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህራ 3,943 ደቂ -ኣንስትዮ ከምዘለዋ፡ እዚ ድማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ጠቕላላ ቍጽሪ መምህራን ምዃኑ፡ ሰነዳት ጨንፈር ትምህርቲ የነጽር።

ዜና

# ዞባ ጋሽ-ባርካ - ተራ መንእሰያት ኣብ ምስናድ ባህላዊ ውርሻታት ክዓዝዝ መተሓሳሰቢ ቀረቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ዕቑር ባህላዊ ውርሻታት ብምድህሳስን ብምስናድን ናብ ወለዶታት ንምትሕልላፍ ኣብ ዝሰላሰል ዕማም፡ ተራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ መንእሰያትን ክኢላታትን ድማ ብፍላይ ክዓዝዝ፡ ብ11 ነሓሰ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ መተሓሳሰቢ ቀረበ።

ኣብ'ዚ - ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ምስ ካልኦት ኣካላት መንግስትን ሕብረተሰብን ብምትሕብባር ኣብ ምዕቃብ ዝጭበጡን ዘይጭበጡን ባህላዊ ውርሻታት ኣተኩሩ ዝካየዶ ዘሎ ጻዕርን ውጽኢቱን ብምምጋም፡ ኣብ ናይ መጸኢ መደባት ዝተዘተየሉ ኣኼቡ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ብክኢላታት ዝምራሓ ኮሚተታት ብምቛም ብዘካየደ መጽናዕትን ዳህሳስን፡ ብዙሓት ኣብ ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ዝነበሩ ባህላዊ ወርሻታት ብግቡእ ተሰኒዶም፡ ኣብ ዞባውን ሃገራውን መድረኻት ክንጸባረቑ ከምዝበቕዑ ገሊጹ።

ኣቶ እድሪስ ብተወሳኺ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ውሽጢ ዞባ ዝግበር ንጥፈታት፡ መጽናዕቲ ዝተገብረሎም ንህላውን ባህርያውን ጸጋታት ዘለልዩ ትሕዝቶታት ዓመት መጸ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ብመንእሰያት ከምዝቐርብ፡ ብፍላይ'ቶም ዝጭበጡን ዘይጭበጡን መበቆላውነቶም ከየጥፍኡ ጥቡብ ብዘመልእ ኣኣጉዑብ ከምዝንጸባረቑ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ተራ ሕብረተሰብን ኮሚተታትን ልዑል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝካየድ ባህላዊ ውድድራት ክቕጽልን ክሰፍሕን፣ ተጀሚሩ ዘሎ ባህላዊ ቅኳ ብሄራት ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ዳህሳሳውን መጽናዕታውን ንጥፈታት ብቐጻሊ ክቕጽል ዝብል ርእይቶታት ብምቕራብ፡ ዕቃብ ባህላዊ ወርሻታት ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ተራ ናይ ኩሉ ዜጋ ክዓቢ ጸዊዖም።



# ኣፍዓበት - ንተሳተፍቲ 'ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት' ኣስተምህሮ ሕጊ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ገበናትን ሓደጋታትን ንምክልኻል ተራ መንእሰያት ተመሃሮ ኩብ ንምባል ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ካፕተን እስቲፋኖስ ኪዳንማርያም ንተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ብ10 ነሓሰ ኣብ ኣፍዓበት፣ ብ12 ነሓሰ ድማ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ቅላመት ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ገበን ስለዘየድሕን፡ ተመሃሮ ጐኒ-ጐኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ኣበርኺም ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከዕዝዙ ተላብዩ።



ገበን ክፍጸም እናረኣኻ ከምዘይረኣኻ ምዃን ወይ ምስ ገበኛ ምትሕብባር ስለዘሕትት፡ ብሕጊ ተማእዚዞም ክመላለሱ መኺሩ።



# ናቕፋ - መደበር ፈልሲ ኣብ መደባት ምግራብ ኣስተዋጽኦ ትገብር

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ እትርከብ መደበር ፈልሲ፡ ዓመታዊ ልዕሊ 100 ሽሕ ፈልስታት ብምድላው፡ መደባት ምግራብ ንምዕዋት ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ ተገሊጹ።

ሓላፊ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋኣለም ዘውደ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ናብ ሓምላይ ዝተቐየረ ከባቢታት ውጽኢት ናይ'ታ መደበር ፈልሲ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ክርቲ ቡብኮባቢኦም ዘካይድዎ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብሓፈሻ፡ መደባት ምግራብ ድማ ብፍላይ ዝምስገን ውጽኢት ደርኺቡ ምህላዉ ብምሕባር፡ ዝተተኽለ ኣግራብ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንኽበጽሕ ምክትታል ክግበረሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ተስፋኣለም ኣብ መወዳእታ፡ መደበር ፈልሲ ናቕፋ እኹል ትሕተ-ባይታዊ ማይ ስለዘይብላ፡ ዘለዋ ትሕተ-ቅርጻዊ ሕጽረታት ክማላኣላ ተማሕጺኑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ብህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓትን ብበዓቕቱ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ከምዝካየድ ዝፍለጥ'ዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ · ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ 1284

# ማእከል - ተጻዋርነት ዘጥረየ ሕማም 'ቲቢ' ንምልላይ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ተጻዋርነት ዘጥረየ ሕማም 'ቲቢ' ንምልላይን ንምቊጽጻርን ዝተጀመረ ስራሕ ኣተባባዒ ውጽኢት ደርኺቡ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል ክኢላ ህዝባዊ ጥዕና ወ/ሮ ሰምሃር ጎይቶኦም ሓቢራ።



ብደረጃ ዞባ ካብ ዘለዋ 36 ትካላት ጥዕና፡ እተን 14 መርመራ ሕማም 'ቲቢ' ከምዘካይዳ፡ ሆስፒታላት ሓዝሓዝ፡ ጎዳይፍን ቤት-መኻእን ድማ ብ'ጂን ኤክስፐርት' ዝፍለጥ ዘመናዊ መመርመሪ ከምዝዓጠቓ ብምጥቃስ፡ ከም ኣሳለጥቲ ሕማም 'ቲቢ' ዝፍለጡ ልዕሊ 70 ኣደታት ድማ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ ኣብሪሃ።

ንጠንቅን ባህሪያትን ናይ'ቲ ሕማም ከምኡ'ውን ኣገባባት ምትሕልላፉ ዝገለጸት ወ/ሮ ሰምሃር፡ ቀንዲ ምልክታቱ - ልዕሊ ክልተ ሰሙን ምስዓል፡ ረሃጽ ኣብ ግዜ ለይትን ረስኒ ኣብ ግዜ ቀትርን፡ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡ ሕብሪ ዓኽታ፡ ከምኡ'ውን ምጉዳል ሚዛን ሰብነትን ምዕጻው ሸውሃትን ከምዝጠቓልል ገሊጻ።

ሕማም 'ቲቢ' 80 ሚእታዊት ንሳንቡእ፡ 20 ሚእታዊት ድማ ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ከምዝጥቅዕ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብዝካየድ ቀጻሊ ጻዕሪ፡ ሓደሽ መልክፍቲ እናነከየ ከምዝመጽ ብኣሃዛት ኣሰንያ ኣረዲኣ።

ንሕማም 'ቲቢ' ቅልዓት ዝኾኑ፡ ምስ ኤች.ኣይ.ቪን ሽኮርን ዝነብሩ ከምኡ'ውን ኑብሱጸራት ምዃኖም ዘዘኻኸረት ወ/ሮ ሰምሃር፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዝተገብረ መርመራታት ወሀድ መልከፍቲ 'ቲቢ'ን ኤች.ኣይ.ቪን 7.3 ሚእታዊት ከምዝነበረ ኣረጋጊጻ።

ኣብ መደምደምታ ወ/ሮ ሰምሃር፡ ሕማም 'ቲቢ' ኣብ ህዝቢ ዝኣከበሉ ኣዳራሻትን ኣውቶቡሳትን ስለዝመሓላለፍ፡ ኣብ እዋን ምህንጣስ ኣፍ ምኽዳንን ማስክ ምግባርን ክዘውተር ኣዘኻኺራ።

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ተመኩሮይን ተመኩሮኻን III

ንዓሰርተ ሓደ ዓመት ዘደኸምናሉ ግዜ ትምህርቲ ንብላሽ ክኸይድ፡ ኣዕሚቑና እንተ ሓሲብናዮ፡ ፍጹም ከሕምመና ግድን እዩ። ናብ ቤት ትምህርቲ ክንመላለስ እንክለና... ኣነ ምባል ይሓይሽ ይኸውን እዩ፣ ኣነ ናብ ቤት ትምህርቲ ክመላለስ እንክለኹ፡ ንኣይ ክሕሸኒ ኢለ'የ ዝመለለስ። መጀመርታ ካብ ቀልዕነተይ ትምህርቲ ክጅምር እንክለኹ ብርግጽ ትምህርቲ ንጥቕመይ ኢለ ዝመላለሶ ዝነበርኩ ይመስለኒ ኣይነበረን። ዝበዝሑ መዛኖይ መማህርተይ'ውን ካባይ ዝፍለ ርእይቶ ዘሎዎም ኣይመስለንን። ካብ ህጻንነትና ትምህርቲ ንኣና እምበር ንኻልእ ኢልና ከም ዘይንምሃር ከፍልጡና ዝግባኦም ስድራና እዮም። ስድራን ሕብረተሰብናን ተማሂርና ንገዛእ ርእስና ከም እንኸውን፡ ካብ መሰረትና ክነገሩና ግቡኦም እዩ። ንሕና ንመምን ኢልና ንምሃር ኣለና ዘይንፈልጥ እንተ ኴንና ተሓተቲ ስድራናን ሕብረተሰብናን እዮም።

"ንገዛእ ርእስና ጥቕሚ ከም ንምሃር መኣስ ተረዲኢኩም፧" ኢለ ንደቂ ክፍለይን መሓዙተይን ሓቲተዮም።

ኮኾብ፡ "ስድራ ስራሕ ክኸዱ እንከለዉ ክማልኡኒ ስለ ዘይክእሉ፡ ኣብ ትምህርቲ ንመጽንሒ ኢሎም ዘእተውኒ ጥራይ ይመስለኒ ነይሩ። ስድራይ መኣስ'ዮም ዝፍደሱ'ሞ ዝወሰዱኒ እምበር ኣብኡ ንቑምነገር ዝመጻእኩ ይመስለኒ ኣይነበረን።"

ሳልም፡ "ኣነ ምእንቲ ኣደይ ኢለ ዝምሃር ዝነበርኩ ኰይኑ'ዩ ዝጥዕመኒ ነይሩ። ኣደኡ ብንእሽቶኡ ዝሞተቶ ወዲ ገዛውትና ነይሩ። ኲሉ ግዜ 'ተዓዊቱልካ! ኣደይ እንተ ዘይትህሉስ ኣነ ኣይምተሃርኩን፡' እብሎ ነይረ። ኣደይ፡ 'ተማሂርካ'ባ



ከም ... ክትኩነለይ፡' ክትብለኒ እንከላ ንኣኣ ዘኹነላ'ምበር ንኣይ ዋጋ ዝነበሮ ኣይመስለንን ነይሩ። እዚ ሕጂ ንኽነፍዕ ዝገብሮ ጻዕሪ እቲ ዝዓበየ ድፊኢቱ ባህጊ ኣደይ ንምምላእ'ዩ እንተ በልኩኺ ኣይሓሳኸኩን... ብሓቂ! ኑብሰይ እፈልጣ እንድየ።"

ሉና፡ "ኣነ ንኸይህረም ኢለ ዝምሃር ዝነበረኩ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ካብ ትምህርቲ እንተ ኣብኰረ መምህራነይ ዝሃርሙኒ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ። ዋላ ትምህርቲ ክበኩር እናደለኹ፡ በኸረ ኣይፈልጥን ነይረ። ባዕሎም ስድራይ 'ናብ ገለ ክንከይድ ኢና፡ ሎሚ ትምህርቲ ኣይትኸድን ኢኺ፡' ክብሉኒ እንከለው እናእወኹ'የ ኣብ መሬት ዘንገርግር ነይረ። ኩታስ ክህረም ኣይደልን ነይረ፡"

ያኔት፡ "ኣነስ ካብ ህጻነይ ትምህርቲ ንኣይ ኢለ ከም ዝምሃሮ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ይመስለሊ። ባዕለይ ኣገናዚበ ዝፈለጥኩዎ ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። ግን ስድራይ ኣብ መጀመርታ ዝወሰዱዋ ጥባብ ንኣይ ኢለ ንኽምሃር ሓጊዛ። ካብ ህጻነይ 'ክስታይ ትደሊዩ ዲኺ፧' ይብሉኒ 'እወ' ወይ 'ኖኖ' እብሎም፣ ዝበልኩዋ የኽብሩዋ ነይሮም። ትምህርቲ ከእትውኒ ምስ ሓሰቡ ከኣ 'ትምህርቲ ክትምሃሪ ትደሊዩዶ፧' ኢሎም ሓቲቶሙኒ። 'ከም ናይ እከሊት ቦርሳ፡ እንዳ ጣዓሞትን እንዳ ማይን ሒዝኪ ትምህርቲ ክትከዲ ትደልዩዶ፧' ኢሎሙኒ። ኣነ ከኣ 'ሕራይ' ኢለ ጀሚረ። ስድራይ ዘይደልዩዎ ገለ ነገር እንተ ገይረ ወይ ከይገብሮ እንተ ደልዮም፡ 'በሊ ጽንሒ ትምህርቲ እንተ ከይድኪ!' ኢሎም የፈራርሑኒ። ኣነ ከኣ ናተይ ነገር ዘሕድጉኒ ይመስለኒ ስለ ዝነበረ ዝበሉኒ እገብር ነይረ። ክሳዕ ሕጂ ከኣ በዛ ረብሓይ ዝመጽኣኒ ኣይፈቱን እየ።"

ሜሪ፡ "እዚኣስ ንኣይ ኣትሕተቱኒ...።"

ሳሮን፡ "ብቑልዓይ እንክለኹ ትምህርቲ ፍጹም ይርድኣኒ ኣይነበረን። 'ኣየጽንዐን'የ፡' ኢለ ክኽንብ እንክለኹ፡ 'ንርእስኺ ኣይትበሊ' ክትብለኒ ማማ እዝክሮ'የ። ክሳዕ ጁንየር ዝበጽሕ እዛ ዘረባ መካይድተይ እያ ነይራ። ብኸመይ መገዲ ንርእሰይ ይጠቕመኒ ኣይፈልጥን ነይረ'ምበር ንኣይ ምኳኑስ ኣፋፋኖት ነይሩኒ እዩ።"

እዞም ደቂ ክፍለይ፡ መጻንዕተይ እዮም። ዓርቢ ዓርቢ ተራኺብና ንዛተየሉ ግዜ ኣሎና። ኣብዛ ዓርቢ ከኣ ነዚ ኣርእስቲ ኢና ኣልዒልና። "ስንቂና ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይክኣሎ እንታይ ክኸውን ኣሎዎ፧" ዝብል ሕቶ ምስ መጽኣና ኢና ኣልዒልናዮ። ኣነ ከኣ ነዛ ሕቶ እየ ኣልዒለ፤ "ንመን ኢልና ኢና ንምሃር፧"

ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ቅድሚ ምኻድና ንስንቆ ስንቂ ኑቶም 11 ክፍሊ ዛዚምና ናብ ሳዋ ንብገስ ዘለና ተመሃሮ ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ንኹሉና እቶም 11 ክፍሊ ዘለና'ውን ይምልከት እዩ። እዚ ሕቶ ንገለ ተመሃሮ 11 ክፍሊ 'ካራ-ካራ ምስ ተባህለ...' ዓይነት ክኾኖም ይኽእል እዩ። ኑቶም ገና ዘለና ግን ጽቡቕ ናይ መዳለዊ ግዜ ኣሎና። ዝያዳኦም እቲ ሕቶ ንኣና ኑቶም ዳሕረዎት ዝምልከት ይመስለኒ። ምኽንያቱ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ እንማልኦ ስንቂ ብሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ለይቲ ዝጥረ ስለ ዘይኮነ። ኣነ ብወገነይ እታ ቀዳመይቲ ስንቂ ነዛ ኣቐዲምና ዘልዓልናዮ ሕቶ ምምላስ'ያ፣ ንመን ኢልካ ኢኻ ትምሃር፧

ትምህርቲ መወዳእታኡ ናትና ጥቕሚ ምኳኑ ምስዞም መሓዙተይ ብዘይ ሕቶን ርእይቶን ተሰማሚዕና ኢና። መልሰኹም ምስና ዝሳነ እንተ ኰይኑ ብርግጽ ካብ ጥቕምና ንኽንእለ ዝደፍኣና ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የሎን።

**ኢልሃም ፈረጅ - ከረን**

### ዳእላ ተመሃሮ




Teacher: Makda, how you spell 'crocodile?'
Makda: k-r-o-k-o-d-i-a-l.
Teacher: No, that is wrong.
Makda: Maybe it is wrong, but you asked me how I spell it.

***

Teacher: Maria, go to the map and find North America?
Maria: Here it is.
Teacher: correct. Now class who discovered America?
Class: Maria.

ሜሪ ማና

## ተፈጥሮኣዊ ምርጫ



እዚ ኲሉ ህይወታዊ ኣብዚ ዓለም ዘሎኽ ካበይ መጺኡ፧ ሰብ ካበይ መጺኡ?? መን'ዩ እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ፧ ሓቂ ድዩ ሰብ ህበይ ነይሩ ዝብሉዎ፧ ሓቂ ድዩኸ ካብ ሓሰኻ'ዩ ፈሊቑ ዝብሉዎ፧ ዘራፍ ከም ዓጋዜን ጨለለቤዱን ክሳዳ ሓጻር ነይራ ዝብሃልከ፧ ... ዝብልን ካልእን ሕቶታት ገና ከየካትዐ ዘይሓልፍ እዩ። ኣብዚ ስልጡን ሕብረተሰብ ክንዲ'ዚ ዘካትዑስ መጀመርታ ነዚ ሓሳብ ፍልቀት ዘቕረቡ ስነ ፍልጠተኛታት እንታይ ዓይነት ተቓውሞ የጋጥሞም ነይሩ ምግማቱ ኣየጸግምን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣድማስ ከመይ ኢሉ ከም ዝቘመ ዝገልጽ ሓደ ኣምር ኣሎ፣ ፊዚክስ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እንታይ ተራ ይጻወት'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ እዩ፣ ሰብ ከመይ ኢሉ ከም ዝቘመን ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ከመይ ኢሉ ከም ዝበጽሐን ኣንፈትና ክንጠዊ። ብዙሓት ስነ ፍልጠታኛታት ኣብ መሬት ዝነብር ኲሉ ህይወታዊ ሓደ መበቆል ዘርኢ ከም ዘሎዎ እዮም ዝገልጹ። እንተኾነ ኲሎም ህይወታውያን ናብ ኣዝዩ ዓቢ ፍልልይ ዘኽየዶም ዝተፈልየ ንጹር ጃንዳ ኣሎዎም። እዚ ዓቢ ፍልልይ ዝመጽአ ብፍልቀትን ውርሻኣዊ ምዕባለን እዩ።

ህይወታውያን በብእኩብ ክነብሩ ጀመሩ። እዞም በበይኖም ዝነብሩ ህይወታውያን፡ ዝተፈላላለየ ጠባይ ከማዕብሉ ከኣሉ። እቲ ልሙድ ጠባዮም ምስ ግዜ ይቕይሩ፣ እቲ ዝመጽእ ወለዶ ድማ ዝተፈልየ ባህሪ ሒዙ ይፍጠር። ኣብ ጉ\ ጉዕዞኦም ንምንባር ዘድልዮም ባህሪ እና'ማዕበሉ ክኸዱ እንከለው፡ እቶም ነዚ ባህሪ ዘማዕበሉ ዝያዳ ናይ ምንባር ዕድል ይህሉዎም። ንኣብነት፡ ዕንቍርያብ ሓመዳዊ ሕብራ ኣብ ጭቃ ወይ ዓዘቕቲ ተመሳሲላ ክትነብር ይሕግዛ። ከምዚ ዝበሉ ህይወታውያን ንኽነብሩ ብባህሪ ዝተሓርዩ እዮም። "ብተፈጥሮ ዝተመርጹ" ከኣ ይብሃሉ። እዚ ኣምር ካብዚ ንላዕሊ ኣዝዩ ክገፍሕ ይኽእል'ኳ እንተኾነ እቲ መባእታዊ ኣምሩ ነዚ ይመስል። ኣብ 19 ዘመን ዳርዊን ንፍልቀት ክጽንዕ እንከሎ፡ ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ መሰረታዊ ለውጢ'ዩ ፈጢሩ።

## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ



COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS
VERBS OFTEN CONFUSED

Please for Ask or Thank.

Don't say: I pleased him to do me a favour;
Or: I pleased him for his fine present.

Say: I asked him to do me a favour;
Or: I thanked him for his fine present.

"To please" means to give pleasure to: as, "I worked hard to please may teacher."

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ 'COMMON MISTAKES IN ENGLISH'


## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ታሪኽ ደቂ ሰብ ታሪኽ ሓሳባት እዩ።"

- H.G. Wells

ንትምህርቲ፣ ምህዞ፣ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ዜናዊ ዘካርያስ

## ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ዘማዕበለ ክኢላ

ዜናዊ ዘካርያስ ይብሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ቤ/ጽ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምን፡ ክኢላ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ እዩ። ኣብ ዓዲ ጭጎኖ ንኡስ ዞባ ማይምነ ተወሊዱ፣ ኣብኡ'ውን ዓብዩ። መባእታ ደረጃ ኣብ ዓዲ ጭጎኖ፣ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይምን፡ ተማሂሩ። ኣብ ዓመተ 2011/2012 ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱን ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ንምፍጻምን ኣብ 25 ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ብድሕሪኡ፡ ናብ ኮለጅ ዘእትዎ ነጥቢ ስለ ዝረኸበ ናብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ተጸንቢሩ፣ ብዓውዲ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ (Plant Protection) ድማ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ። መንእሰይ ዜናዊ፡ ኣብዚ ንዝተማህሮ ዓውዲ ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ንሓረስቶት ሩፍታ ዝፈጥር ምህዞ ጸረ-ባልዕ ኣበርኪቱ'ሎ። ጋዜጠኛ ብርሃነ ዓንደመስቀል ኣብዚ ጉዳይ ኣተኩሩ ምስኡ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ጽማቑ እንሆ፦



ኣቶ ዜናዊ ዘካርያስ

### ምስ እተመረቕካሉ ዓውዲ ክተላልየና፧

ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ምክልኻል ጥዕና ብቑሊ (Plant Protection) እየ ተማሂረ። እዚ ዓውዲ ምስ ስነ-ህይወት (Biology) ብዝሎዎ ምትእስሳር እየ መሪጸዮ። ትምህርቲ ድሕሪ ምዝዛመይ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ማይምነ ተመዲበ፡ ከም ክኢላ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ ኾይነ፡ ንኣስታት 10 ዓመታት ሰሪሐ ኣለኹ።

### ምስ ሕርሻ ዘሎካ ምትእስሳር፧

ከም ወዲ ሓረስታይ መጠን፡ ምስ ሕርሻ፡ ማሕረስን መጓሰን እየ ዓብየ። ኣነ'ውን ከም ወለደይ፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ልዑል ፍቕሪ'ዩ ዘለኒ፣ ሕርሻ፡ ዓንዲ ሕቖ ሃገር እዩ ዝብል እምነት ስለ ዘሎኒ ድማ ካብ ፈለማኡ ኣዝየ እየ ዘፍቅሮ።

### ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ኣብ ምምዕባል ብዛዕባ ዘካየድካዮ ምርምራዊ ስርሓት

ሓረስቶትና፡ 'ኣማራጺታት ስኢንና' እናበሉ፡ ቀመማት ብምንጻግ እቶት ንምኽዕባት ክጽዕሩ ክትርእዮም እንከለኻ፡ የተሓሳስበካ እዩ። እዚ'ዩ ድማ ንምርምራዊ ስራሕ ኣብ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ደሪኹኒ። ብዓቢኡ፡ ሳዕቤናት ጸረ ባልዕ ኣዝዩ ኣተሓሳሲቡኒ። ስትራተጂ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከኣ ናብ ተጠቃምነት ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ክንግዕዝ ከም ዘለና ዝድርኽ እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ዝገለጽኩዎ ትዕዝብትን ዕላማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምርኩስ ብምግባርን'የ ናብዚ ምርምራዊ ስራሕ ክኣቱ ክኢለ።

### ምስዞም ብውልቅኻ ዘማዕበልካዮም ባህርያዊ ጸረ-ባልዓት ክተላልየና

መጀመርታ፡ ነዚ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ከዳልዎ ከለኹ፡ ንከሚካዊ (ቀመማዊ) ጸረ ባልዕ ተኪኡ ክሰርሕ ዝኽእል ስነ ሓሳብ ሒዘ እየ ተበጊሰ። ድሕሪ ብዙሕ ምርምር ከኣ ክልተ ዓይነታት ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ኣዳልየ። ክልቲኣን ብባህርያዊ መገዲ፡ ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከቡ ዓልቀን ዓንዴልን እየ ኣማዕቢለዮም። ወላ-ሓንቲ ሕዋስ የብሉን፣ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መዐሸጊ ብምቕማጥ፡ ኣብ ባልዓት ክፍትኖም ነይሩኒ፣ ከምኡ ድማ ገይረ።

### ቅድሚ ናብ ሓረስቶት ምዝርጋሕካ ዘካየድካዮም ፈተነታት ክትገልጸልና

ቅድሚ ናብ ሓረስቶት ምዝርግሐ፡ ኣብ ሓደ እተወሰነ ቦታ ኣብ ቁማል-ተኽሊ (aphid) እየ ፈቲነዮ፣ ቁማል-ተኽሊ፡ ይበልዕን ፋንጋስ የስዕብን እዩ፣ ኣዝዩ ሓደገኛ ስለ ዝኾነ፡ 'ብምንታይ ክፍውሶ እኽእል' ሓሲበ። ነዞም ምህዞታት፡ ኣብ ቁማል ተኽሊ ምስ ፈተንኩዎም፡ ጽቡቕ ውጽኢት ሂቡምኒ፣ ድሕሪኡ ኣብ ካውሎን ኣራንሽን ፈቲነዮም። ኣብኦም'ውን ዓጊበ። ቀጺለ፡ ኣብ ኮመደረን ካልኦት ኣግራብን ፍረታትን (ከም ለሚን) ፈቲነዮም። ኣብዚኦም'ውን ጽቡቕ ግብረ መልሲ ሂቦምኒ። ንኹሎም ባልዓት ከም በዓል ቁማል ተኽሊ፡ ሰርሳሪ ቈጽሊ፡ ዋላ'ውን ንጎሚማ-ጣፍ ከይተረፈ፡ ክከላኸሎም ክኢሉ። መጀመርታ፡ መጽናዕቲ ኣብ ዝወሰድኩሉ፡ ጭቡጥ ውጽኢት ስለ ዝሃበኒ እየ ናብ ሓረስቶት ክዝርግሖም ክኢለ።



### ድሕሪኡኸ፧

ናብ ሓረስቶት ቅድሚ ምዝርግሐይ ክገብርዎ ዘሎዎም ኣገባባት ክህሉ ነይሩዎ፣ ንቕሓትን ኣፍልጦን ምብራኽ የድሊ። ከም ሓሳበይ ከኣ ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ንኡስ ዞባ ማይምነ እናኸድኩ፡ ጉስጓስን ስልጠናን ሂበ። ሓረስቶት ድማ ብኽፉት መንፈስን ኣቓልቦን ተቐቢሎሞ፣ ኣብ ጥቕሚ ድማ ኣውዒሎሞም። ጸኒሑ፡ መዓልቲ ሓረስቶት ምስ ኣካየድናን ኣብ 'ኤሪቲቪ' ድማ ምስ ወጽኣን፡ ሓረስቶት ብዝበለጸ ኣሚኖምሉ ክቐርቡና ጀሚሮም።

ንኣብነት፡ ክሳዕ ግንቦት 2026፡ ልዕሊ 3000 ሊትሮ ጸረ-ባልዕ ኣዳልዮም ይጥቀምሉ ኣለዉ። ሓረስቶት ካብቲ ቀንዲ ነዚ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ክብህጉዎ ዝኽኣሎም ረቛሒታት፡ ብዙሕ ወጻኢታት ዘይሓትት፡ ኣብ ቀረባ ክረኽብዎ ዝኽእሉ፡ ብዙሕ ዝዕደግ ነገር ዘየድልዮን ብቐሊሉ ክፍርዩዎ ዝኽእሉን ምኳኑ እዩ።

### እዚ ኣማዕቢልካዮ ዘለኻ ጸረ-ባልዕ ዝኾነ ሳዕቤን ከም ዘይብሉ ኣረጋጊጽካዶ፧

እዚ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ፡ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ዘስዕቦ ዝኾነ ጉድኣት ኣይረኸብናሉን። ከባቢ ኣይብክልን እዩ፣ ንቕጠባ'ውን ኣይሃስን። ብቐረባ ስለ ዝርከብ ከኣ ጸገም የብሉን፣ ካልእ'ውን ከም ትዕዝብትና ነታ ዝነጸግናላ ተኽሊ ሰለስተ ጥቕምታት ይህባ። ሓደ፡ ካብ ባልዓት ይከላኸለላ፣ ካልኣይ ከም መግቢ የገልግላ፣ ሳልሳይ ድማ ከም ቅብኢ ኮይኑ ነታ ተኽሊ ይሕግዛ። እዚ ድማ ልስሉስ፡ ገፊሕን ተዓጻጻፍን ኣቑጽልቲ ንኽህልዋ ይሕግዛ፣ ብተዘዋዋሪ ድማ ኣብ እቶታውነት ዓቢ ተራ ይጻወት።

### ነዚ ምህዞ፡ ብዘይካ ናብ ሓረስቶት ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ኣበይ ኣቕሪብካዮ፧

እዚ ምህዞ፡ ፈለማ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምነ ኣብ ዝተኻየደ ቅነ መንእሰያት እዩ ቀሪቡ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ዕዉት ኮይኑ ድማ ክሳብ ዞባን ሃገርን በጺሑ። ኣብ ወርሒ ግንቦት 2026፡ ብደረጃ ሃገር ብሃማመተኤ ኣብ ዝተወደበ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ድማ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ብምስራዕ ተዓዊተን ተሸሊመን።

### ዘዐወተካ ምስጢር

ባህርያውን እዋናውን ምህዞ ኾይኑ፡ ንሓረስቶት ብሉጽ ኣማራጺ ስለዝኾነ ይመስለኒ።

### ነዚ ምህዞ ብዝሰፍሐ ናብ ሓረስቶት ንምብጻሕ ዘሎካ መደብ፧

ብዓቕመይ ዝኽእሎ እገብር ኣለኹ። ከም መድሃኒት መጠን በብዓቐኑ ተዓሺጉ ናብ ኩሉ ሓረስታይ፡ ምናልባት'ውን ንሰደድ ክባጻሕ ድሌት ኣሎኒ። ኣብዚ ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ይኹን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ኣድላዩ ደገፍ ክገብሩለይ ብትሕትና እላቦ።

ስምኦን ሓጐስ




## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

### ኖርወይ፡ ምፍራይ ቀልጢፈን ዝዀብዛ ደርሁ ከተቋርጽ ወሲና

ኢንዱስትሪ መፍረ ደርሁ ኖርወይ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ኩሎም ኣፍረይቲ ደርሁ፡ ኣብ ውሽጢ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ፡ ጎቢዘን ኣብ መዓላ ዘውዕላ ናይ ስጋ ደርሁ (Fast-Growing Broilers) ምፍራይ ደው ክብሉ፡ ከምኡ ድማ ተባዕትዮ ዘበሉ ጨቓዊት ፈሊኻ ናይ ምቕታል ተግባራት ከቋርጽዎ ዘገድድ ሓድሽ ፖሊሲ ኣርቂቑ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ። ብመሰረት እቲ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከባ ኩለን ናይ ስጋ ደርሁ፡ ካብ 31 ታሕሳስ 2027 ንደሓር ምሉእ ብምሉእ ክውገዳ እየን። በዚ ድማ፡ ኖርወይ ብደረጃ ዓለም ነዘን ንስጋ ዘገልግላ - ቀልጢፈን ዝኣኽላ ደርሁ ምፍራይ ጠቕሊላ ደው ዘበለት ቀዳመይቲ ሃገር ክትከውን ምኳና፡ እቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ 'Agro-review' ዝሰፈረ ሓበሬታ የመልክት።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኖርወይ ካብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ንደሓር ተግባራዊ ዝኸውን ካልእ መደብ'ውን ኣዳልያ ኣላ። ንሱ ድማ፡ ኣፍረይቲ ደርሁ፡ ጨቓዊት ገና ከይነቕሑ (ኣብ ውሽጢ እንቋቑሖ እንከለዉ) ጾታኦም ብልክዕ ኣለልዩ ዝሕብር ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ክተኣታትዉ ዘገድድ እዩ። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ'ቶም ኣፍረይቲ ደርሁ ብሰፊሑ ዝርአ ዘሎ - ነቶም ተባዕትዮ ዘበሉ ጨቓዊት ጥራሕ እናፈለኻ ናይ ምቕታል ተግባራት ዘወግድ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንኾነታት ድሕነት እቶም እንስሳታት ዘመሓይሽ ምኳኑ፡ ሰብ መዚ ሕርሻ እታ ሃገር ገሊጾም። እቲ ተዳልዩ ዘሎ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከባ ልዕሊ 70 ሚልዮን ደርሁ ክጸሉ ምኳኑ ድማ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ይጠቅስ። እዘን ከም 'Ross 308' ዝኣመሰላ፡ ምስ ተጫጭሓ ኣብ ውሽጢ 35-49 መዓልትታት ጎቢዘን ንኽሕረዳ ናብ ዕዳጋ ዝቐርባ ዓሌታት ደርሁ፡ ብቐጻሊ ብእተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ክሳቐያ ስለ ዝረኣያ እየን፡ ኣብ ኖርወይ ካብ መፍረ ደው ክብላ ተወሲኑለን ዘሎ - ብመሰረት እቲ ሓበሬታ።

መወከሲ፡ https://agroreview.com/en/top-news/norway-becomethe-first-country/

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሻባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሻባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ኣደን ጓልን

## "ብዓልቲቤተይ ኣብ ክንዲ ኣደ ኲይና ማዕረይ ኣብ ምእላይ ደቅና ትዋፈር፡ ማዕረ ጓልና ኲይና ክትእለ እናደለየት፣ እናቐንኣት'ውን።"

ኣማኻሪ፦ ሄው መን ክብል፧ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ።

ደላዪ ምኽሪ፦ ስመይ ዳንኤል እብሃል። ካብ ኣስመራ ከኣ እድውል ኣለኹ። ኣነ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን'የ። ናብ መደወልየይ ምኽንያትዶ ክኣቱ፧

ኣማኻሪ፦ ጽቡቕ ዳንኤል፡ እንታይ ክሕግዘካ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ኣቐድም ኣቢለ ብዛዕባ ደቀይ ክነግረካ ከለኹ፡ እንተ ድኣ ኣስተብሂልካሉ ሓንቲ ጓል ከም ዘላትኒ ነጊረካ ኣለኹ። ብግብሪ እንተርእየየ ግን ንብዓልቲቤተይ ሓዊስካ ክልተ ኣዋልድ ደቂ ኣለዋኒ ክብል እኽእል።

ኣማኻሪ፦ ኣይተረድኣንን፡ እንታይ ማለትካ እዩ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ብዓልቲቤተይ ኣብ ክንዲ ኣደ ኲይና ማዕረይ ኣብ ምእላይ ደቅና ትዋፈር፡ ማዕረ ጓልና ኲይና ክትእለ ምድላያ'ዩ። ዳርጋ በቲ ኣነ ዝርእየ፡ ኣብ መንጎ ክልተኣን ዘሎ ዘይምቅዳው ኣደን ጓልን ክትብለን ትስከፍ። ብዓልቲቤተይ፡ ፍጹም ጨካን ሓልዮት ዘይብላ ሰብ ኣይኮነትን፡ ኣብቶም ኣወዳት ደቅና ተርእዮ ሓልዮትን ኣባይ'ውን ይኹን ተርእዮ ኣኽብሮትን ምስግንቲ'ያ። ናይዛ ጓልና ጉዳይ ክለዓል ከሎ ዋላ ክትሸፍኖ ትፈትን፡ ግን ኣይግድን'ዩ። ጉሊሑ ዝርአ ቅንኢ ዘሎ ኲይኑ ይስምዓኒ።

ኣማኻሪ፦ ጓልኩም ጓል ክንደይ ዓመት ድያ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ በኹርና ጓል እንድያ፡ ሕጂ ጓል 17 ኲይና ኣላ።

ኣማኻሪ፦ እዚ ቅንኢ ይመስለኒ ክትብሎ ዘጸናሕካ ብወገን መን እዩ፧ መንከ'ዩ ኣስተብሂልሉ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ እቲ ቅንኢ ብወገን ብዓልቲቤተይ ክኸውን ከሎ፡ ጓለይ'ውን ቅንኢ ድዩ ህልኽ ኣይሰኣናን'ዩ። እዚ ነገር'ዚ ዘስተብህለሉ ድማ ኣነ'የ። ጓለይ ከኣ ኣብ ገለ ጉዳያት ክተዕልለኒ ከላ ትዛረበሉ እያ።

ኣማኻሪ፦ ናይ ብዓልቲቤትካ ነገር ስለምንታይ ቅንኢ ይመስለኒ ኢልካ ጸዊዕካዮ፧ ስለምንታይከ ብኻልእ ኣብ መንጎ ውሉድን ወላዲትን ክፍጠሩ ከም ዝኽእሉ ዘይምርድዳእ ክትርእዮም ዘይፈተንካ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ብኽዳን ብሳእኒ ዘይምርድዳእ ክፍጠር እርእየን፣ ዝኾነ ናይ ቅብጥሮት ዘረባ ኣብ ጓለይ ክጥቀም ከለኹ ድማ ኩደብደብ ኣስተብህል። እንድዒ ብዙሕ ናይ ቅንኢ ባህርያት ዝብሎም'የ ዝርኢ። ኣብ መንጎ ውሉድን ወላዲትን ክፍጠሩ ዝኽእሉ ዘይምስምማዓት ከይብሎ ከኣ፡ ኣብ መንጎኣን ኣብ



መንጎ ጓልናን ጥራሕ እየ ዝርእዮ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ምስቶም ኣወዳት ደቅና ከምኡ ዝመስል ተርእዮታት ኣየስተብሃልኩን።

ኣማኻሪ፦ እዚ ባህርያት'ዚ ካብ መኣስ ኢኻ ኣስተብሂልካሉ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ካብ ዘስተብህለሉ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ገይረ ኣለኹ። እታ ጓልና ብባህርያታ ኣሸጋሪት ኣይኮነትን። ናይ ነገር ንእስነት ክንርድኣላ ዝግብኣና ነገር ኣይሰኣንን ይኸውን። ብዝኾነ ግን ተኸዳዲና ክትወጽእ ከላ ገለ ዝርኣዩ ነገራት ኣለዉ። ጉልብትቲ ስለ ዝኾነት፡ ተኸዳዲና ኣብ ትወጽኣሉ፡ ትኸደኖ ክዳውንቲ ኣጸቢቑ'ዩ ዘምሕረላ። እዚ ክኸውን ከሎ ግን ብዓልቲቤተይ ጽቡቕ ኢላ ክትንእዳስ ይትረፍ፡ ሽዑ ሓድሽ መደብ "እውይ ገይረያ እንድየ ክወጽእ ሓሲበ" ብምባል ንሳ ክትገብራ ከም እትደሊ ትሕብር፣ ከም ሳዕቤትኑ ከኣ ክርክር ይፍጠር። እታ ክዳን እኮ ብቐንዱ ናይ ጓለይ ክዳን'ያ። ከምዚታት ክደጋገም ምስ ጀመረ፡ ካልእ ማልእ'ውን ምስ ተወሰኾ ተደጋጋሚ ስምዕታ ብወገን ክልተኣን ምስ በዝሓኒ ናይ ቅንኢ ሽግር ከም ዘሎ ኣስተብሂለ።

ኣማኻሪ፦ እዚ ኣስተብህሎ'ዚ ኣብ ርድኢትካ ጥራሕ ድዩ ወይስ ምስ ብዓልቲቤትካ ተዘራሪብካሉ ትፈልጥ ኢኻ፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ሓደ መዓልቲ እታ ጓልና ክብድ ዝበለ ቃላት ተጠቒማ እናበኸየት ምስ ተዛረበትኒ፡ ንብዓልቲቤተይ ንምንታይ ከምኡ ትገብሪ ኢለ ክዛረባ ከለኹ ኣብ ዘረባይ ቀኒእኪ ዝብል ቃል ኣውጺአ ኣቢለ ነይረ። "ኣውጺአ ኣቢለ ነይረ፡" ክብለካ ከለኹ፡ ከም ኣበሃህላ 'ቅንኢ' ዝብል ቃል ከይጥቀም ንብዙሕ እጥንቀቕ ስለ ዝነበርኩ'የ። ሽዑ ግን እዛ ቃል'ዚኣ ነጢራ ወጺኣትኒ። ኦይ! ሽዑ ዝነበረ ዘረባ ካልእ እዩ። "ኣነስ ብጓለይ ክቐንእ፧ ንስኻ እንዲኻ ተሻድና ዘለኻ። ኣነ ዘይዓቢ፡ ስለምንታይ ዘይተኸብረኒ፧ ክትእዘዘኒ ክትመኽራ ዝግብኣካስ ተመሊስካ ንኣይ ቀናእ ክትብለኒ፡" እናተባህለ ብዙሕ ተዛሪባትኒ። ክንረዳዳእ ክሳብ ዘይንኽእል ከኣ ተሰሓሒብና። ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዝኸውን ድማ ምዝርራብ የለ ገለ የለ ኲይኑ።

ኣማኻሪ፦ ስለምንታይ እያ እዞም ተርእዮታት'ዚኦም ተርእዮም ዘላ ኢልካ ትሓስብ፧ ንስኻኸ ብወገንካ እንታይ ጥንቃቐ ትገብር፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ብዓልቲቤተይ እኮ ኣብቲ ሓዳር ዝጀመርናሉ፡ ኣዝያ መልክዐኛ'ያ ነይራ። ሕጂ ኣደ ኣርባዕተ ቈልዑ ብምዃና ሕርስን ጥንስን ዘስዓቦ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ነብሳ ግጅፍጅፍ ኢላ፡ ኣብ ገጻ'ውን ገለ ናይ ማዳታት ተርእዮታት ኣሎዋ። ምናልባሽዶ ሕጂ መልክዐይ ተበላሽዩ ኢላ ቀኒኣ ትኸውን፧ ዝብል ሓሳብ ይመጽኣኒ'ዩ። ከምዛ ኣቐዲመ ክብለካ ዝጸናሕኩ እዛ ቅንኢ ትብል ቃል ሞሊቓ ወጺኣትኒ እምበር ከይዛረባ እጥንቀቕ'የ ነይረ። ካብኡ ወጻኢ ግን ክንዲ ሰብ ዝኣኸለት፡ ኣደ ክነሳ እንታይ ክገብራ እኽእል፧ እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል'ውን ኣይፈልጥን'የ።

ኣማኻሪ፦ ስምዒታታ፡ ከምዚ ክትገልጾ ዝጸናሕካ ድማ ኣብቲ ዕድመን ባህርያዊ ምኽንያት ዝፈጠሮ ለውጥታት ዘሎዋ ኣመለኻኽታ፡ ብፍሉይ ተረዲእካ ክትገብሮ ዝግብኣካ ጥንቃቐዶ ኣይመድለየን፧

ደላዪ ምኽሪ፦ ኣነ ብፍሉይ ንሓዳረይ ኣኽብር'የ። ሓቂ ይሓይሽ ንሳ ድማ ተኽብረኒ'ያ። ትሕዝቶይ ሒዘ ኵሉ ናብ ቤተይ'የ። ምሸት ድሕሪ ስራሕ ምስ ደቀይ ዝሕልፎ ግዜን ኣብ ቤትና ዝህሉ ናይ ቡን መደብን እንተ ዘይኲይኑ፡ ኣብ ካልእ ዘጣዕሰኒ መዓላ ኣየውዕሎን'የ። ዝኾነ ወልፊ ይኹን ዘባኽና ገንዘብ የብለይን። እዚ ስለ ዘኽብራን ሓዳረይ ስለ ዝፈቱንዶ ኣይኮንኩን፧ ገንዘብ'ውን ብፍጹም ኣይቀጥበላን'የ። ኣብ ገዛ እያ ትውዕል ኢለ ነቲ ኣብ ቤት እትገብሮ ኣበርክቶ ብፍጹም ኣየስተናዕቐን'የ። እኳ ድኣ ንደቀይ ኣብ መጽናዕቶም እሕግዞም ኲይነ እምበር፡ ኣብቲ ደሓን ዝኾንክሉ፡ ኣብ ስራሕ ገዛ ክሕግዛ ከም ዝግባኣኒ እኣምን'የ። ካልእ ግን ካብ ምኽባራ ንላዕሊ እንታይ እየ ክርድኣላ፧ ንሳኸ ከምዚ ናተይ ሓላፍነት የብላን ድያ፧ ካብ ንነብሳ ክትጥምት ንደቃ ጥራይ ክትጥምት ዘሎዋ ኲይኑ ይስምዓኒ።

ኣማኻሪ፦ ብቐዳምነት ኣብዚ ትገብሮ ዘለኻ ናይ ኣቦ ሓላፍነት ከየድነቕኩኻ ክሓልፍ ኣይደልን። ኣብ ርእሲ'ዚ ኵሉ ክትገልጾ ዝጸናሕካ መንፍዓት ግን ክትርእዮም ዝግባኣካ ኲርናዓት ስለ ዘለዉ እስከ ብእኡ ሸነኽ'ውን ንጠምት። ብዓልቲቤትካ መልክዐኛ ከም ዝነበረት ሕጂ ግን ብምኽንያት'ቶም ዝጠቐስካዮም ረቛሒታት ለውጥታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ ባህራያውያን እዮም። እዞም ለውጥታት'ዚኣቶም ከምቲ ንስኻ ዝገለጽካዮ ኣስተብሂልካሎም ኣለኻ። ብቐንዱ ናይ ቅንኢ ስምዒት ኣለዋ ምባል ኣብ እእምሮኻ እንተ ኣሰላሲልካዮ ኵሎም ፍጻመታት ምስ ቅንኢ ናይ ምትሕሓዝ ተኽእሎ ስለ ዘለዎ ከም ኣምር ዘይምጥቃሶም ይምረጽ። ብዝኾነ ግን እዞም ለውጥታት ናይ ዘይምቕባል ተርእዮታት ብወገን ብዓልቲቤትካ ክርአ ይኽእል'ዩ። ካብ ካልኦት መዛኑኣ ከምኡ እውን ካብታ ዝወለደታ ውላዳ'ውን ከይተረፈ ዝተሓተት ኲይኑ ክስምዓ ይኽእል'ዩ። እዚ ስምዒት'ዚ ምሕላው፡ ብፍላይ ድማ ብኣኻ ሸነኽ፡ ትማል ስሕበት መልክዓ ኣብ ጠመተኻ ዝነበረ ሰብ ሓላፍነትካ ዕዙዝ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብ ሓዳር ዝርኣኻዮም ምኽብባር ንኹሎም ኲርናዓት ዝጠመተ ክኸውን ስለ ዝግባኦ፡ ንስምዒታታ'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ።

ደላዪ ምኽሪ፦ ዝያዳ መብርሂዶ ክትህበኒ ትኽእል እንታይ ማለትካ'ዩ፧

ኣማኻሪ፦ መኽበሪ ሓዳርካ ምዃንካ፡ ቀዳምነት ንሓዳርካ ትህብ ምዃንካ፡ ኣብ ቊጠባ'ውን ከምቲ ዝግባእ ኣብ ቤትካ ጥራሕ ተውዕሎ ምህላውካ ጽቡቕ ናይ ሓዳር ኲርናዓት'ዮም። ኣብቲ ምስ ብዓልቲቤትካ ዝህልወካ ኣዘራርባ ግን ተወሳኺ ግዳሰ ምግባር የድሊ። ንኣብነት፡ ኣብ ክንዲ መልክዐኛ እያ ነይራ ዝብሃል ሕጂ'ውን መልክዐኛ ምዃና ዝገልጹ ቃላት ምጥቃም። ኣብ ክንዲ ነቶም ከም ቅንኢ ዝገለጽካዮም ፍጻመታት፡ ቀኒኣ ብዝብል ስምዒት ካብ ክትርድኦም፡ 'ደልያ' ብዝብል ምቕሉል ኣረዳድኣ ክትግምቶም። ብዛዕባ መልክዕ ብሓፈሻ ድማ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ብዓልቲቤትካ ዘየለዉ ኣብ ጓልካ ግን ዘስተብሃልካሎም ነገራት፡ ኣብ ቅድሚ ብዓልቲቤትካ ዘይምንኣድ። ትማሊ ዝረኣኻያ ብዓልቲቤትካ ሎሚ'ውን ንሳ ትኹን። ልዕሊ ኵሉ ድማ መልክዕ ነባሪ ከም ዘይኮነ፡ ዘይምርሳዕ። ምስ ዕድመ ድማ ምቅይራር ክግበር ባህርያዊ እዩ። ዓቕምኻ ዘፍቅዶ እንተኾይኑ ድማ ፍሉይ ምስ ነብሳን ህሉው ኲነታታን ዝኸይድ ህያባት እንተ ሃብካያ ንሓዳርኩም የዳምቖ እምበር ክሳራ ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ እዚ ሕጂ ክህበካ ዝጸናሕኩ ኣብነት ሓደ ካብቲ ክጥመት ዘለዎ ኲርናዕ ንምግላጽ እምበር ንሱ ጥራሕ ከም ጉድለት ንምጥቃስ ኣይኮነን።

ደላዪ ምኽሪ፦ ክትብለኒ ዝጸናሕካ ኣብነት ተቐቢለዮ ኣለኹ። ግናኸ፡ ንሕና ከም ወለዲ፡ መልክዕና ኣብ ደቅና ምርኣይና፡ ከዕግበናን ብእኡ ክንቀስንዶ ኣይግብኣናን፧

ኣማኻሪ፦ ብዛዕባ ይግባኣና ወይ ኣይግባኣናን ውዱእ መልሲ ንምሃብ ናይቲ ውልቀሰብ ኣመለኻኽታ'ዩ ዝውስን። እንተኾነ ግን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ኵሉ ሰብ፡ ማዕሪግካ ክትርአ ናይ ምድላይ ባህጊ፡ ብደጋዊ ትርኢትካ ድማ ትሒትካ ከይትርአ፡ ብፍሉይ እዩ ሚዛን ዘወሃቦ። መልክዐኛ'ኮ ንኵሉ ሰብ'ዩ ዝስሕብ። ዓይኒ እንታይ ድራራ ዝብሃል ኣበሃህላዶ ኣሎ፧ እዚ ማለት ኵሉ ካልእ ብቐዳምነት ክርአ ዝግባኦ ነገራት ጉሲኻ ኣብ ቅድሚት'ኳ እንተ ዘይተሰርዐ፡ ካልኦት ክህልዉ ትደልዮም ነገራት ምስ ሃለወካ ግን ነዞም ኲርናዓት'ዚኦም ምጥማት ዘይተርፍ'ዩ። ኣብዚ ከም ቀንዲ መደወሊ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎ ብዓልቲቤትካን ጓልካን ተፈጢሩ ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ፡ ንነብስኻ ከም ቀንዲ ቀላሲ ብምውሳድ ብልቦናን ጥበብን ብኹሉ ክርናዓት እሞ ከኣ ብሓልዮት ክትጥምቶ ፈትን። ንነብስኻ ሕተታ። ኣብ ጓልካ ትዘዙ ከይትህሉ ኣስተብህል ብዝኾነ መገዲ ቀዳምነት ንብዓልቲቤትካ እናሃብካ፡ ንጓልካ ከኣ ዝግብኣ ክብሪ ብጥንቃቐ እናገለጽካ ናይ ምምእዛን ሜላ ምጥቃም ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ እሞ ሕሰበሉ።

ደላዪ ምኽሪ፦ የቐንየለይ ብዙሕ'የ ዘመስግነካ።

ኣማኻሪ፦ መርሓባ፡ ሰሰናዩ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላክ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሳባ ፍስሃየ ደስታ፡ ተጸዋዒ ተስፋማርያም ዓንደማርያም ሓድጉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ብርኽቲ ሃብተ ጭርሞ፡ ተኸሳሲ ሽማግይ ሓየለ ገብረያውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣለም ገብረስላሴ ኣደከም፡ ወላዲየይ ገብረስላሴ ኣደከም ምረጭ ስለዝሃረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ የማነ ገብረመስቀል ገብረስላሴ፡ ወለደይ ገብረመስቀል ገብረስላሴ ሙሓሰን ግዑሽ ኣደከመ ምረጮን ስለዝሃረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ 3ይ መጋቢእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ሰዒደት ዓብዱ ዑመር፡ ኣቦይ ኣቶ ዓብዱ ዑመር እድሪስ ቅድሚ 25 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸ ደሃዩ ስለዘይብለይ፡ ጥፉእ ምዃኑ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ተስፋይ መርከ ጊርግሽ፡ ሕጋዊት ወኪል ወ/ሮ ሃንሱ መርከ ጊርግሽ፡ ወለድና መርከ ጊርግስ ግብሮይን ሰንበቱ ሰቋር ሳሚኤልን ስለዝሃረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮም ሓጎስ፡ ናይ ኣእምሮ ጸገም ስለዘለዎ፡ ናይ ዘይ ብቑዕነት ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሰደና ቢንያም ተወልደ ምግል ተሪፉ፡ ሰደና ክብሮም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ


ወ/ሮ ከድጃ ኣፍራሕ እስማዒል ምግል ተሪፉ፡ ከዲጃ ኣፍርሃ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ምም/ከበቢ. ጨርሒ. ጎደና ኘ ቁጽሪ ገዛ 4 ነበር፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑ/ምስክር ወረቐት 112817 መወከሲ. ቁጽሪ 118502 ብስም ወ/ሮ ሓረጉ ወልደኪዳን ሳድስ ዝተመዝገበ ዝዓደኽዎ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓፕለክ ኖታርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ጉዳዩ ከፈጸም ምዃኑ እሕብር።

ተኽሊት ግደ ፍቓዱ
ሕጋዊ ወኪል ሃንሱ ሃይለ ሰጊድ

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ብልቢ. ኣፍቃሮ ክቡር ኣቦናን ሓውናን ኣቶ ደበሳይ ሃይለ ተስፋ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ምስ ዓረፈ. ክሳብ ዓዲ ምሳና ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ዓጺና ኣለና።

ክቡራት ደቂ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



### ምስጋና


ብዕረፍቲ ብዓል ቤተይ ቢንያም መንግስትኣብ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ቤት መቕበርእ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሄለን ብርሃ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

---


**ቅድስቲ ሓደ መጻሕፍቲ**
**"ላዕለዎት ሓደ ሚእታዊት"**

ኣብ ዝመረጽኩሞ ዓውዲ ዕዉታት ኰንኩም ንውጻእ መደብ ኣለኩም ዶ!! ..ኣብ ዓለም ፡ ህይወት ሚልዮናት ዝቐየሩን ብሚልዮናት ቅዳሓት ዝተሸጡ 50 ጸለውቲ መጻሕፍቲ!! ጽማቝ ትሕዝቶኦን ኣብ 2 መጻሕፍቲ ተዳልዩልኩም ይርከብ!




48 laws of power
Getting to Yes
poor dad rich dad
Art of war
Alchemist
Ikigai
Sleep Smarter
Start with Why
The 10X rule
TRUMP The Art of the Deal
5 languages of love
80 - 20 principle
Atomic habits
Deep work
Elon Musk
Emotional Intelligence... etc

ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ውልቃዊ ዕብየት፡ ዝምድናታት፡ ስትራተጂ፡ ፖለቲካ፡ መሪሕነት፡ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ጥዕናን ብብቑዓት ኣካላትን ዝሕግዝ መጻሕፍቲ፡ ኣብዘን 2 መጻሓፍቲ ንእንበብቲ ብዝጥዕም ኣገባብ ተዳልዩናልኩም ይርከብ!

ነዘን መጻሕፍቲ ብምዕዳግ ነብስኹም ኣንቃቕሑ!!!

ኣብ ኣውገት፡ ጋላሪ፡ ሰቲት፡ ሃገረ መጻሕፍቲ፡ ኣምባሳደር. . ዝብሃል ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐናልኩም ኣለና!


---



### ምስጋና

ብማስዋእቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ጉዳም ተጋዳላይ ህብትዝጊ ጸጋይ ተኽለ፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኩልትናዊ ምትሕብባር ዝገበሩ ኣባላት ማ/ቤ/ጽ/ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ዝተሳተፍኩምን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ደገን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ፈተውትን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ ኢልና ብምምስጋን ሓዘና ንዛዝሙ።

ብዓልቲ ቤቱ ጸገረዳ ተስፋይ ወልደሚካኤል ምስ ደቂን ምሉኣት ስድራቤትን

---




### ምስጋና

ብማስዋእቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ጉዳም ተጋዳላይ ተኽለ ገብረስላሴ ቀሺ. ቀለታ (ወዲ ኣርባዕተ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ዘቃበርኩምናን ካብ ግዜ ሕማሙን ድሕሪ ማስዋእቱን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንዛዝሙ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ከድጃ ዓብዱ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤቱን

---




### ምስጋና

ኣዝዩ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሰመረ ኣብርሃ ገብረኣብ፡ ብሕማም ምኽንያት ካብዚ ዓለም ብምፍላዩ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሆስፒታልን ገዛን ብምምልላስ ዝበጻሕኩምን ድሕሪ ዕረፍቱ ድማ ክሳብ መካነ መቓብር ዳዕሮ ጳውሎስ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ናብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሓጎሳ ተኽላይ ምስ ደቁን ስድራ ቤቱን።

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ መም/ ገብረሃዋርያት ተኽለገርግሽ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ደቂ ዳሽም ን/ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ኣሕዋትን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣለም ኣተሽም ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ ግርማይ ተስፋስላሴ ክፍሉ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ዓዲ ብጉዲ ን/ዞባ እምኒ ሓይሊ. ከይደኩም ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ተኻፈልቲ ናይ ሓዘና ዝኾንኩም፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጸገ ወልደዳዊት ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Eritrea-China Exploration and Mining Share Company

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**2, Position:** Camp Supervisor

Place of Work: Augaro
Starting Date: August
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One(1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | The Camp Supervisor is responsible for managing daily operations, accommodation logistics, catering, sanitation, and life-support services at the Augaro mining development camp. Compliance with Eritrean regulations and corporate Health, Safety, and Environment (HSE) standards. |
| **Key Responsibilities** | **Daily Camp Operations & Accommodation Management**<br>• **Bed Allocation & Check-In:** Manage room/bed, check-ins, check-outs, and accommodation logistics for permanent staff, temporary contractors, and site visitors.<br>• **Inventory & Requisitions:** Maintain complete inventory control over camp assets (bedding, linen, laundry chemicals, cleaning supplies, and maintenance tools); coordinate timely site requisitions to avoid stock outs.<br>• **Hygiene & Housekeeping Audits:** Conduct daily inspections of living quarters, office blocks, ablution facilities, and common areas to maintain high standard cleanliness and hygiene.<br>• **Camp Capacity Expansion:** Coordinate setup, assembly, and layout adjustments for temporary modular housing units as site personnel scale up during mine development.<br>**Catering & Food Service Supervision**<br>• **Catering Oversight:** Supervise internal kitchen personnel to ensure nutritious, high-quality, and timely meal service for all shifts.<br>• **Food Safety & HACCP:** Inspect cold chains, dry storage facilities, food prep zones, and kitchen sanitation daily, ensuring adherence to strict food safety guidelines.<br>• **Supply Chain Management:** Monitor food supply levels and coordinate advanced orders to prevent inventory gaps in the remote Augaro region.<br>**Utilities, Infrastructure & Maintenance**<br>• **Life-Support Utilities:** Continuously monitor critical utilities, including water supply, diesel power generators, and fuel storage.<br>• **Maintenance Coordination:** Lead camp maintenance workers (electricians, plumbers, carpenters) for rapid response and preventive repair of camp facilities.<br>**HSE, First Aid & Emergency Response**<br>• **Safety Enforcement:** Enforce site-wide camp HSE guidelines, fire safety regulations, pest control procedures, and vector prevention measures.<br>• **Toolbox Meetings & Audits:** Lead regular safety toolbox talks for camp staff and participate in comprehensive site HSE risk assessments.<br>• **Emergency Preparedness:** Collaborate with site medical personnel for emergency response plans, medical evacuations, and up-to-date emergency contact rosters.<br>**Staff Supervision & Local Community Relations**<br>• **Team Leadership:** Directly supervise housekeepers, laundry attendants, kitchen helpers, and maintenance crews, maintaining high team morale and discipline.<br>• **Local Workforce Integration:** Manage local Eritrean casual labor and contractors in accordance with Eritrean labor law and company community engagement policies.<br>• **Administrative Reporting:** Maintain accurate occupancy records, roster schedules, fuel consumption logs, and monthly cost control reports. |
| **Qualifications** | • **Education:** Diploma or Bachelor’s Degree in Hospitality Management, Logistics, Business Administration, Safety, or a related field.<br>• **Field Experience:** 3 to 5+ years of remote camp supervisory/management experience in remote areas.<br>• **Technical Knowledge:** Practical understanding of camp life-support systems.<br>• **Software Skills:** Proficiency with Microsoft Office Suite (Word, Excel, Outlook) and camp accommodation management software. |
| **Personal Attributes** | 1、Strong sense of responsibility and integrity.<br>2、Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>3、Ability to work under pressure and mining environments.<br>4、Good teamwork and communication skills.<br>CONTINUED TO PAGE 8 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

**Additional Requirement for Nationals:**

☐ Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense

☐ Present clearance paper from current/last employer

☐ Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)

☐ Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.

☐ Application documents will not be returned to sender.

☐ All applications should be sent through the post office.

☐ Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.

☐ **Address: Please mail your applications to:**

Mineral Resources Management

P.O.Box- 272

☐ **Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

## Vacancy Announcement

The Embassy of Japan is inviting applicants for the following position.

| | |
|---|---|
| Position | Clerk |
| Number Required | One |
| Requirements | • Bachelor's degree or above<br>• Fluent in English (speaking and writing)<br>• Excellent communication and interpersonal skills<br>• Computer skills necessary to create documents and materials, etc. (especially MS Word, Excel, and PowerPoint) |
| Duties | • Assistance duties for diplomatic activities by the Embassy (schedule coordination of the diplomats, research, document creation, speech writing, etc.)<br>• Other duties specifically instructed by the diplomats of the Embassy |

How to apply:
Please send the documents listed below by mail to the address below. The application must be received within 10 days from the publication date of the newspaper in which this announcement is published. All documents received after the deadline will be excluded from consideration.

Embassy of Japan
P.O. BOX 1131
Asmara, Eritrea

- CV (face photo, date of birth, gender, home address, phone number, email, educational background, and work experiences)
- Photocopy of ID
- National Service completion document
- Proof of no crime records
- Recommendation letter from the current or past employer(s)
- Academic graduation certificates, diploma, etc.

Only shortlisted candidates will be contacted after the document screening.

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 2 ምም/02 ጎደና "ወሎ" ቁ/ገዛ 6 ዝተደኮነ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ወረቐት 102947 መወከሲ. ቁ./118159 ብስም ኣቦና ኣፍ/ክፍለዝጊ በራኺ ዘርኡ ዝተመዝገበ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወርሲ ዘረጋገጽናሉ ገዛ፡ ናብ ስምና ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጸም ምኻኑይ እሕብር።

ኣቶ ሃብተ ክፍለዝጊ

ኣነ ኣቶ ብኢዱ ተኽለ ተስፋሰላሴ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ሰገዶ ዚፕ ኮድ 1B3842 ፕሎት 10 ፓርሰል A ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ማይን ኣከባቢን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ንብረት 1BRASMO19200 ብዕለት 23/09/2024 ዓ/ም ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት /ገዛ/ ኣሎኒ። እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ንወ/ሮ መድህን ኣሰፋው ኣርዓዶም፡ ብውህበቶ ሂበያ ስለዘለኹ፡ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ /ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ/ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ስም ዋንነት ናብ ስማ ከም ዘመሓላልፍ ኣፍልጥ።


ብኢዱ ተኽለ ተስፋሰላሴ

ኣነ ወ/ሮ ኣብርሀት ኣሰፍሃ መሓርዝጊ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከ/ ኣምሀር ኣብ ፕሎት 39፡ ፕርሰሌ "ኤፍ" ፡ ብስመይ ብቑ/ንብረት 44BRDKM 002993/1ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተመዝገበ 4 ቀንዲ ክፍልታት 2 ክሽነን 2 ዓይነ ምድርን ዘጠቓልል ኣብ 300 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛይ ንወደይ ኣቶ ተስፋሰላሴ ብዕለት 20/04/2026 ብዝተጻሕፈ ናይ ወህበቶ ውዕል ገይረ፡ ብዕለት 21/04/2026 ብቑጽሪ መዝ 33/04 ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ ቀሪበ ብውህበቶ ስለ ዝሃብክዎ፡ ብመሰረት ዝተፈጸመ ወህበቶ ዋንነት ናይዚ ገዛ ናብ ስም ተቐባሊ ወህበቶ ክመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘየለ ግን መሰርሕ ምትሕልላፍ ከም ንፍጻም ኣፍልጥ ኣሎና።

ወ/ሮ ኣብርሀት ኣሰፍሃ


## ሓዳሽ መጽሓፍ ፡ "ብልሒ 2"

**ወለዲ ምስ ደቆም ሓቢሮም ከንብብዋ ዝኽእሉ ንቋንቋታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ኣብ ሓደ ኣጣሚራ ዝተዳለወት መጽሓፍ!!**




1. እዛ መጽሓፍ ሞራላውን ስነ-ምግባራውን ሸነኻት ተማሃሮ ዘብርኹ ዝተፈላለዩ ዛንታታት ብእንግሊዘኛን ትግርኛን፣
2. ተማሃሮ ኣብ ትምህርቶም ዘጋጥሞም ሸግራት፡ ከም ኣገባብ ኣጸናንዓ ዝተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ኣመራርጻ ዓርከ መሓዛ፡ ሜላታት ምሕደራ ግዜን ገንዘብን፡ ምስጢራት ዕዉታት ተማሃሮ፡ ከምኡ ከኣ ኑብሰ ክንክንን ጥዕናን ተዕብየሉ መንገድታት ተጠቓሊሎም ይርከቡ። እዞም ኣርእስታት ተማሃሮ በብደረጃ ትምህርቶም ብኸመይ ይፈትሕዎም ብዝርዝር ኣብዛ መጽሓፍ ተገሊጹ ይርከብ።
3. ዝምድና ወለዲ ምስ ደቆም ዝዓብዩሉም መንገድታት፣
4. ካብ ሕማቕ ተማሃራይ ናብ ብርቂ ተማሃራይ ንምቕያር ዝሕግዙ ሜላታት፣
5. ተውህቦኻ ንምፍላጥ ዝሕግዙ መንገድታት፣
6. ስምዒታዊ ብልሕኹም ፈቲሽኩም ተማሓይሽሎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፈተና ምስ ምኽርታቶም፣
7. እዛ መጽሓፍ ካብ መባእታ ክሳብ ኮለጅ ዘለዉ ተማሃሮ ከምኡ ከኣ ወለዲ ተማሃሮ ክግልገሉላ ይኽእሉ።

መጽሓፍ "ብልሒ 2"፡ ኣብ ኣውገት፡ ጋላሪ፡ ሰቲት፡ ሃገር መጻሕፍቲ፡ ኣምባሳደር... ዝብላ ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ!



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

## ሻድሻይ ክፋል

ደቂ ገዛውቱ ብሓባር፡ "ጨድዒ! ጨድዒ!" በሉ።

ናሆም፡ ጸርፊ ደቂ ገዛውቱ ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ እናበኸየ ናብ ጸግዒ ናይቲ ኣብ ጐድኒ ሜዳ ዝነበረ መንደቕ ከደ። ንበይኑ ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ድማ እዛ ናይ ስርቂ ጉዳይ ብኸመይ ኣብ መዓልቦኣ ክትበጽሕ ከም ዘለዋ ክሓስብ ጀመረ። ዝኾነ ሓሳብ ድማ ክመጽኣሉ ኣይከኣለን። እናሓሰበ ድማ ናብ ገዝኡ ተመልሰ። እቲ ሰራቒ መን እዩ፧ ይርከብዶ ይኸውን፧ ክፈልጥ ተሃንጠየ!

* * *

ናሆም ኣብ ኣፍ ደገ እንዳ ማማ ጉያይ ቈመ። ንማማ ጉያይ እንታይ ኢሉ ከም ዝዛረበን ሓሰበ። 'እዋእ ክሰምዓኒ ፍቓደኛ እተዘይኮናኸ' በለ ብውሽጡ። ኣብ ኣፍ-



ደገ ገዝአን ኰይኑ ብዙሕ ሓሳብ ኣውሪዱ ኣደየበ። ኣብ መወዳእታ፡ 'ኣነ ክኣትወን እየ፣ ንሰን ድማ ዝበላ ይበላ፡' ብምባል ማዕጾ ኳሕኲሐ።

ማማ ጉያይ፡ ኣብ ገዛ ኰይነን ተለቪዥን ይከታተላ ነበራ። ድምጺ ማዕጾ ምስ ሰምዓ፡ "መን ኢኻ እቶ፧" ብምባል ናብ ማዕጾ ገጸን ጠመታ።

"ኣነ እየ። ኣነ ናሆም፡" ናሆም ብስክፍታ እናተዛረበ ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተወ።

"እህም . . ናሆም ዲኻ!፧" ማማ ጉያይ ገጽ ከልእኦ። ናብታ ኣብ ቅድሚኣን ዝነበረት ተለቪዥን ድማ ጠመታ።

"እወ ማማ ጉያይ ኣነ ናሆም እየ። ብዛዕባ'ቲ ናይ ብቐዳመይ ዝበልክናኒ ክዘራረበክን እየ መጺአ፡" ናሆም ብትሕትና ኣጻብዕቱ እናደረዘ ሓተተን።

"ናይ ብቐዳማይ ድማ ብዛዕባ እንታይ፧" ተመሊሰን ሓተተኦ።

ናሆም፡ ኣብ ገጸን ዝርአ ዝነበረ ናይ ጽልኢ ስምዒት ኣርዓዶ። ህድእ ኢሉ ድማ ክዛረብ ጀመረ፡

"እወ እቲ ናይ ብቐዳማይ ኣነ ከም ዘይገበርኩዎ ከረዳኣክን እደሊ ኣለኹ፡" ነቲ ተጸዊጉ ዝነበረ ዝዓጠረ ገጸን ተኩሩ ጠመቶ።

"ብኸመይ ኩተረዳኣኒ፧" ማማ ጉያይ ሪሞት ብየማናይ ኢደይ ሒዘን ጠመትኦ።

"ማለት ኣነ እቲ ጉዳይ ኣይገበርኩዎን። እዚ ድማ ድቃስ ከሊኡኒ ኣሎ። ገለ ሜላ ጌርና እቲ ሰራቒ ከም ዝርኩብ ክንገብር ክንፍትን፡" ነቲ ኣብ መንደቕ ገዛአን ዝነበረ ስእሊ ቅዱስ ሚካኤልን ስእሊ ደቀንን እናተዓዘበ ተዛረበን።

ማማ ጉያይ ኣይተገደሳሉን። ብንዕቀት ቀው ኢለን ጠመትኦ። "በል ሕጂ ክሰምዓካ ግዜ የብለይን እሞ ካልእ መዓልቲ ምጽኣኒ፡ " ካብ ገዝአን ክወጽእ ደለያ።

"ሕራይ ማማ ጉያይ ካልእ መዓልቲ ክመጽኣክን እየ። ሓቀኛ ምኽንያይ ከፍልጠክን እደሊ ኣለኹ፡" ብርእሰ ተኣማማንነት ተዛረበን።

"ሕራይ ንርእዮ" ክኸደለን ተሃወኻ።

"በላ ብሩኽ መዓልቲ ስለ ዝሰማዕክናኒ ድማ ብልቢ ኣመስግነክን! የቐንየለይ!" ኢሉወን ካብ ገዛአን ወጽአ። ካብ ገዛ ምስ ወጽአ ነብሱ ፈኾሶ። በቲ ዘርኣይኦ ዘይሕጉስ መንፈስ ተገረመ። ሓደ ብልሓት ፈጢሩ ነቲ ሰራቒ ክረኽቦ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ። ብፍላይ ንግርማይ ጐረቤቱ ሓቀኛ ምኽኑ ከርእዮ ዓቢ ድሌት ኣሕደረ።

* * *

ናሆም፡ ብዘረባ ናይ ደቂ ገዛውቱ ተሰቀቐ። ብስቕቕታ ዝኣክል ድማ ካብ ገዛ ምውጻእ ገደፎ። ሎሚ'ውን ኣብ ገዛ ኰፍ ኢሉ ኣብ መጽናዕቲ ነበረ። ዝሰራሕ ዕዮ ገዛ ሰሪሑ ምስ ወድአ ድማ ናይ ግርማይ ዘረባ ተረኣየ። 'ንኣይሲ ሰራቒ፡ ኣነ ክሳብ ሕጂ ዝሰረቕኩዎ ዝኾነ ነገር የለን። ማማ ጉያይ ድማ በዲለናኒ። ሓንሳብ ስለ ዝተዛረባ መልሓሰን ኣይቀየራን። ሓደ መዓልቲ ግን ኣነ ዘይምኽንያይ ከፍልጠን እየ፡' ብውሽጢ ሓሰበ። ኣደኡ'ውን ኣብ ሳሎን ኰፍ ኢላ መጽሓፍ ተንብብ ነበረት።

"ማማ፡" ጥራውዝቱ እናጠራነፈ ነዲኡ ተዳሃየ።

"እሂ ናሆም ወደይ፧" ንባብ ገዲፋ ናብ ናሆም ጠመተት። ነቲ ሒዛቶ ዝነበረት መጽሓፍ ድማ ኣብ ሰለፋ ኣንበረቶ።

"ናይ ማማ ጉያይ ጉዳይ ክሳብ ሕጂ ኣየደቀሰንን። ዝኾነ ካልእ ነገር ምስ ዝፍጠር ድማ ንኣይ እየን ከላግባለይ። እዚ ድማ ከቕስነኒ ኣይከኣለን፡" ንኣደኡ እናተዓዘበ ተዛረበ።

"ይርዳኣኒ ናሆም ወደይ እንተኾነ ግን ንስኻ ኣይገበርካዮን፣ በዚ ድማ ክትቀስን ኣለካ፧" ከተጸናንዖ ፈተነት።

"ኣየ ማማ ከመይ ገይረ ክቐስን ደቂ ገዛውተይ እኳ 'ጨድዒ' እናበሉ እዮም ዝጽውዑኒ ዘለዉ።"

"እንታይ ማለቶም እዮም፧" ገጻ ጸዊጋ ሓተተት።

ይቕጽል...

# ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ

ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ ቍጽሪ - 5

<u>ቅኑዕ ቃል ምረጹ</u>

1. ሃይለ፡ _________ ትምህርቲ ነፊዑ።

   ሀ. ብሰንክኻ ለ. ብሳላኻ

2. ግርማይ፡ _________ ወዲቑ።

   ሀ. ብሰንክኻ ለ. ብሳላኻ

3. ንሱ ________ ኵዕሶ ረኺቡ።

   ሀ. ተወሳኺ ለ. ተወሳኪ

4. ሰመረ፡ _______ ከይዱ።

   ሀ. ንስራሕ ለ. ናብ ስራሕ

5. ቅኑዕ ምረጽ

   ሀ. ጽባሕ ንዓ ለ. ጽባሕ ምጻእ



ፍትዋት ተማሃሮ፡ ምስ ፈተንኩም መልሲ ኣብ ታሕቲ ርአዩ።

ፍልልይ ርኸቡ፤ ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ትኩረት ዲኹም፤
በሉ ሓንቲ ፍልልይ ርኸቡ።



## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ወ | ለ | ላ | | ወ | ሰ | ደ | |
| ገ | | ም | ሳ | ር | | ል | ቢ |
| ን | ህ | ባ | | ሒ | ላ | ብ | |
| | ያ | | | | ቲ | | ወ |
| መ | ብ | ረ | | ፋ | ን | ታ | ና |
| ለ | | ም | ላ | ሽ | | ኮ | ም |
| ሰ | ተ | ታ | | ን | ሳ | | |
| | ሎ | | | | ዋ | ን | ጫ |

መልሲ፡ 1. ለ 2. ሀ 3. ሀ 4. ለ 5. ለ

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## “ሰብ ንኸብዱ ጥራሕ ክነብር የብሉን” መም. መድህን

*ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ምስ ንግዲ ዝተኣሳሰር ሞያታት ተዋፊሮም ዝርከቡ ሰብ ዋኒን ስሞም በዮም ብስሰዐ ዝተጠቕዑ ዘይሓለፍኩታውያን ሰብት እናተብለሉ ይኸይዱ ምህላዉ ዘከራኽር ኣይኮነን። ሓቂ'ዩ ሰብ ዝኾነ ትኻል ከፊቱ ኣቕሓ ዝሸይጥ ወይ ኣገልግሎት ዝህብ ንኽረብሕ ኢሉ'ዩ። ብዝተረፈ ግን ንጽድቂ ጥራሕ ኢሉ ከም'ኡ ዝገብር ሰብ ከም ዘየለ ዝተፈልጠ እዩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ትካላት ዋኒን ከፊቶም ከብቅዑ፡ ኣብ ክንዲ ብርትዓዊ ብዘተጋዘ ዋጋ ተገልገልቲ ክሽጥጡ ዝውዕሉ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ጽልዋ ዝፈጥር ዘየርጉእ ዮጣዊ ወይ ኣህጉራዊ ኩነታት ክኽሰት እንከሎ ኣብ ክንዲ ንግዚያዊ ጸገማት ኣብ ምቅላል ሓጋዚ ተራ ዝጻወቱ፡ ብኣንጻሩ ነቲ ኩነታት ዝያዳ መዝሞዝሞ ዘይግበኡ መኽሰብ ክየግሕጡ ዝፍትኑ ሰብ ዋኒን ብዙሓት እዮም።*



ማካ ህያቡ



ናዝሬት ንጉሰ

ብኣንጻር እዚኦም ከኣ ተገልጋላይ ከይውጸዕ ወትሩ ዝስከፉን ናይ ሰሰዐ ባህሪ ከይሰዕርም ሕልናኦም ዝቶኤዅን ይውሓድ ይብዝሕ ብዝረኽብዎን መኽሰብ “ተመስገን” ምባል ዝኣመልዎም ሰብ ኣሱሓቶ ዝኾኑ ብዙሓት ሰብ ዋኒን ከም ዘለዉ ክፍለጥ ይግባእ። ንኣብነት፡ ናይ ዋኒን ትካላት ከፊቶም ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት ኣብ ምሃብ ዝጸዮፉ ዘለዉ ዜጋታት፡ ምስ ሃገራውያን ማሕበራትን ኣካላት መንግስትን ብምርድዳእ፡ ንመንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ተቐቢሎም ብርትዓዊ እንሓንሱብ ድማ ብኸደሎ ዋጋ ከሰልጥኑ ምሁዛብ ልሙድ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ (ከባቢ ምውፋር ኣውቶብስ ዞባ ደቡብ) ተደኲና እትርከብ ‘ቤት ትምህርቲ ምድላው መግቢ መድህን’ ከኣ ሓንቲ ካብዘን ብእወታ ዝገለጻ ምስብናት ትካላት ዋኒን እያ።

እዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ኣብ መወዳእታ 2003 እያ መማህር መድህን ኣሰፋው ብዝተባህለት ዜጋ ተኸፊታ። ኣብዚ ናይ 23 ዓመታት ጉዕዞኣ ከኣ ዝሓለፈ 30 ሓምለ 2026 ንመበል 27 ግዜኣ ሰልጠንቲ ከተመርቕ በቒዓ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ወሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 23 ዓመታት፡ ብሓርፋፍ ግምጋም ንሸሕ ዝኣኸሉ ተማሃሮ ምስ ስ

መግቢ ብዝተኣሳሰር ሞያ ኣሰልጢና ኣላ - ብመሰረት መም. መድህን ኣሰፋው።

መማህር መድህን፡ ዝ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምኽፋታ፡ ንበዓል ቴክኖሎጂ ስነ መግቢ (food technology) ተማሂራ እያ። ብሓጺሩ ን9 ዓመታት ዝኣክል ብዛዕባ ስነ መግቢ ምስኡ ዝዛመድ ኣርእስትታትን ኣጽኒዓ። ቀጺላ ብ1996 ኣብ ካፌቴርያ ሚኒስትሪ ዜና ኣሰናዩት ኮይና ክትሰርሕ ጀሚራ። “ናብቲ ስራሕ ተወዳዲረ ክኣቱ እንከለኹ ከኮ ደኣ'ምበር ኣሰናዩት ኮይነ ክሰርሕ ኣይተጸበኹዎን ነይረ። እንዳ ሻሂ ኮይኑ ምስ ጸንሓኒ ግን ዋላ ምስቲ ዝቐሰምክዎ ሞያ ዘየከይድ እንተ ነበረ፡ ኣሰናዩት ምዃን ተቐቢለዮ፣ ተጊሀ ከኣ ሰሪሐ” ትብል።

ኣብኡ ንሓደ ወርሒ ምስ ሰርሐት፡ በቲ ካብ ተገልገልቲ ዝረኸበቶ ሞራላዊ ምትብባዕ ተሓጊዛ ካብ ኣሰናዩት ናብ መማህር ምድላው መግቢ ኣብ መደብ ቴሌቪዥን ኤርትራ ተሰጋገረ። “ኣብ ኤሪ-ቲቪ ‘ንቐደም’ ዝበል ሰሙናዊ መደብ ክጀምር ምኽንያት ምስ ሰማዕኩ ናይቲ ዝተማሃርኩሉን ዝሰራሕኩሉን መረዳእታታት ኣምጺአ ኣርእየዮም። ኣዝዩም ተገሪሞም። ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ከኣ ተቐቢሎም ኣብታ መደብ ኣእቲዮሞ። ካብ 1996 ክሳብ 2003፡ ኣብታ መደብ መማህር ናይ ምድላው መግቢ ኮይነ ሰሪሐ” ትብል'ሞ፡ ብድሕሪ'ዚ ግን ኣብ ማዕከናት ቴሌቪዥን ዝረኣዩዋን ብኣመሃሃራኣ ዝተደነቑን ብዙሓት ሰባት ቴሌፎን ደደዊሎም “ንውራይ ዝኸውን መግቢ'ባ ሰርሕልና” እናበሉ ጠለብት ክቐርብላ ምስ ጀመሩ፡ ካብዚ ተበጊሳ ነዛ ዝተጠቕሰት ቤ/ትምህርቲ ከፊታታ።

እዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ኣሰራርሓን ኣቀራርባን ዘመናውን ባህላውን መግቢ፡ እንተላይ ማለት ምስ ዘቤታዊ ስነ ፍልጠት (ኣተሓሕዛ ጽሬት፡ ኣሰዓ ገዛ ስነ ምግባር ኣብ ቤት መግቢ፡ ወዘተ.) ኣወሃሂዳ እያ ትምህር። በዚ መሰረት፡ ካብ 200 ንላዕሊ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግብን መስተን ንኣሰራርሓኦምን ኣቀራርባኦምን፡ ከም'ኡ'ውን ንዝተፈላለዩ ቀመማትን ኣጠቓቕማኦምን ዝምልከት ትምህርቲ ተቕስም። ብሓጺሩ፡ ብዘይካ ንእሰታ በለስ፡ ኩሉ መግብታትን መስተታትን ብኸመይ ከም ዝስራሕን ዝቐርብን ብግብራዊ ትምህርቲ ኣሰንያ ፍልጠት ተሰንቕ። “ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዘቤታዊ ስነ ፍልጠት ወይ ቁጠባ ገዛ ክትመሃር ዘድልያ ከመይ ጊዮራ በተን ዘለዋ ትሕዝቶ መኣዝውን ዝተመጣጠነ መግቢ ተዳሉ፡ ሓይልን ጥዕናን ዝህብ ጥዑይ ኣመጋግባ ኣብ ወላዳ ተዘውትርን በቲ ሞያ ናብራኣ ትመርሕን ንኸትፈልጥ፡ ፈሊጣ ድማ



መም. ሳሮን ተኽለብርሃን

ንኸትሰርሓሉ እዩ። ጥዑይ ኣመጋግባ ዋላ ኣብ ኣትሳውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዘይተወልዱ ዕሽሓት ከይተረፈ እዩ ወሳኒ ተራ ዘለዎ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ከኣ ብፍላይ ነተን ብዙሕ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ዘይብለን ተባዛሉ ዝቱዳለወ ስለ ዝኾነ፡ በቲ ዝቐሰምኦ ትምህርቲ መኣዝውን ዝተመጣጠነን ስርዓት ኣመጋግባ እናተኸተላ ማዕረ'ተን ርኹባት ክቡራ ዘኽእለን እዩ” ትብል እታ በዚ ሞያ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝሰርሐት መም. መድህን።

ወሲኻ ድማ፡ “ሎሚ ብዙሕ ሰብ ዝተፈላለየ ሕዱር ሕማማት ስለ ዘለዎ፡ እቲ ንምህሮ ዝያዳ ኣብቲ ዓይነታት መግብን መስተን እዩ ዝቐጥፍ። ኣየናይ ዓይነት መግቢ ወይ መስተ መዓስ እዋንን ብኸመይን ክቐርብ ከም ዘለዎ ንምህረን። ከም'ኡ'ውን ንተኣንገድቲ ብኣቀራርባኣን ከመይ ጊዮረን ከምኡውም ከም ዘለወን ነስልጥነን። እንሆ ትምህርቲ ደረጃ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ኮይኑ፡ ጨ/ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሱፐርቫይዘራት እናለኣኸ ብስሩዕ ዝከታተሎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ሰርቲፊኬታት ማሕተም ይገብረሉ” ክትብል ትገልጽ።

ቤ/ት ምድላው መግቢ መድህን፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሓምለ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ዝርከብ ኩርታ ማዘኖግ ማእከል ዘየዶ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ዝማሃረን ሽዱሽተ ደቂ ተባዕትዮ ዝርከብወን 70 ተማሃሮ እዩ ኣመሪቓ። ገለ ካብኣተን፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ስንክልና፡ ከም'ኡ ከኣ ኣብ መዓብርኦን ናይ ቁጠባ ጸገማት ዘለወን እየን። “ኣነ ብቐልዓይ ምድላው መግቢ ክመሃር ክሓስብ ከለኹ፡ ሓንቲ ሕያወይቲ ድግገል ደሊታተይን ጸገማተይን ተረዲኣ ንኽመሃር ብዙሕ ስለ ዝሓገዘትኒ፡ ኣነ'ውን ዝበን ኣብዚ መጺኣን ዝመሃራ ጸገማት ደቂ ኣንስትዮ ብኸቕመይ ክሕግዘን ምስ ኑበሰይ ቃል ኣትየ እየ። ብኸቕመይ'ውን እሕግዘ ኣለኹ'የ ዝበል። ካብዘን ሕጂ ዘመርቓን ዘለኹ 70 ተማሃሮ፡ ነተን 26 ብጥዶሎ ክፍሊት እየ ኣምሂረየን። ንፋሲ ወከፊን ክሳብ ሽሕ ናቕፋ ዝኸይልክሉን ኣለዋ። ሰብ ንኸብዱ ጥራሕ ክነብር የብሉን እየ ዝበል። ዘለዎ ጸጋታት ንኻልኦት እናካፈለ ክነብር ክኽእል ኣለዎ። ከም'ኡ ምስ ዝገብር እዩ ሰብ ዝበሃል” ትብል።

ኣብ ቤ/ት ዓዲ ኣቤቶ እትምህር መም. ሳሮን ተኽለብርሃን ሓንቲ ካብተን ናይቲ ዕለት ምሩቓት ተማሃሮ ኮይና፡ “ካብ መም. መድህን ብዛዕባ መግብን መስተን ጥራሕ ኣይኮንናን ተማሂርና። ፍቕሪ ሰውነት፡ ልግሲን ተመስገን ምባልን እውን ቀሲምና ኢና። ኩሉ ምስጢር ዓወታ ንሕጉሓ እያ ኣካፊላትና። ብዓል ቤታ መም. መርሃዊ እውን ንኽንዕልጥ ኣብ ጉድና ኮይኑ ብዙሕ ሓጊዙና እዩ። ብዛዕባ ቁጠባ ናይ ገዛ ከይተረፈ'ዮም ምሂሮምና። ሓሳብ ልበይ እንተ ሰሚዕለይ፡ ከኮ ኮይነ ዝሰርሓሉ ናይ ባዕለይ ሬስቶራንት ክፈት ርእሰይ ክኽእል እየ” ክትብል ርእይቶኣ ተካፊላ።

ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ክልተ ቆልዑን ዝኾነት ማካ ህያቡ እውን፡ “መም. መድህን ኣዝያ ፍልይቲ ሰብ ስለ ዝኾነት፡ ምስኣ ክመሃር ምኽኣለይ ከም ዓቢ ዕድል'የ ዝቖጽሮ። ኣብዚ መጺአ ብዛዕባ መግቢ ብዙሕ ምስ ፈለጥኩ፡ ‘ኣቢይ ነይረ እዚ ኩሉ ዓመታት እዚ ከይፈለጥኩ፣ ኢለ ተጣዒሰ እየ” ክትብል ትገልጽ።

ብዓልቲ ሓዳር ዝኾነት ኣልማዝ መንግስትኣብ ድማ፡ “መም. መድህን ወትሩ ደሙቕ ፍሽክታን ብሩህ ገጽን ስለ ዘለዋ ንትምህርታ ክሳብ መወዳእታ ብጽሞና ኢኻ ትከታተሎ። ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ መዓልታዊ ክልተ ሰዓታት እናተማሃርና ኢና ን9 ወርሒ ቀጺልና። 9 ወርሒ ግን 9 መዓልታት ኮይና'ውን ኣይተሰምዓናን። ብሓጺሩ ካብ መም. መድህን ብዙሕ ነገራት ተማሂርና ኣለና። ዋላ እቲ ንፈልጦ ኮይኑ ዝፀምና ዝበረ ኣሰራርሓ ባህላዊ መግብታት፡ ኣብዚ ምስ ተማሃርናዮ ኣሰራርሓኡ ዝተፈልየ ኮይኑ ጸኒሑና ኣሎ። ብውሑድ ኣስቤዛ እናመቓረሕካ ብዙሕ ዓይነታትን መኣዝውን መግቢ ከተዳሉ ከም ዝከኣል ተማሂርና ኣሎና። ኣነ ብወገነይ ካብዚ ምስ ወጻእኩ ዓቢይ ኮሎ ኮይነ ንዓበይቲ ክርእያ ተሃንጥየ ኣለኹ” ትብል።

ኣደ ቁልዓ ዝኾነት ናዝሬት ንገሰ ከኣ፡ “መድህን መማህር ጥራሕ ዘይኮነት፡ እንተላይ መሓዛ፣ ሓፍቲ፣ ኣደ ኮይና ስለ ትቐርበና፡ እዚ ባህርያት'ዚ፡ ነቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ብጋህኢ ክንከታተሎን ኣብ ልብና ክንሕዝን ሓጊዙና እዩ። ኣብ ቤት ትምህርታ ፊሎማ ዲሲፕሊን ኢኻ ትመሃር። እተን ንኣሽቱ ኣኮዬደናና ከመይ ክንኸውን ከም ዘለና፡ እተን ሰብ ሓዳር ከኣ ንሰብኡትና ብኸመይ ክንሕዞም ከም ዘለና፡ ንደቕና ብኸመይ ክንዕምብዎም ከም ዘለና ኣጉዲሲ ትምህርቲ ተቐስምና። ኣነ ኣብዚ ናይ 9 ኣዋርሕ ትምህርቲ፡ ካብ'ተን ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ኣብኩረን ዘይፈልጣ እየ” ብምባል ትገልጽ።

ኣደ ሰለስተ ቆልዑ ዝኾነት ኣበባ ዘርኣይ ድማ፡ “መም. መድህን፡ ዋላ እቲ ጸባሕ ንግሆ ክኽሳ እንደሊ እያ መንገዲ ተርእየና። ‘ኩሉ ግዜ ካብ ጸገም ኢኻ ናብ ዓወት ትሰጋገር’ እናበለት ሞራል ተሰንቕና። እቲ ዝርርሚ ድማ ዘይከም ካልኦት መማህራን፡ ነቲ ግብራዊ ትምህርቲ ዘድሊ ኣስቤዛታት



ኣበባ ዘርኣይ

ብወጻኢታታ እያ ትሸፍኖ። ዋላ ኣብቲ ኣስቤዛ ዝሓበረሉ ግዜ ከይተረፈ፡ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ‘ኣስቤዛ ስለ ዝሓበረ ንሎሚ ብኽልሱ-ሓሳብ ጥራሕ'የ ዝምህረክን’ ኢላትና ኣይትፈልጥን። ዋላ ይኽበር፡ ባዕላ ጠሪፉ ደርሆ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ጥረታት፡ ወዘተ. እናዓደገት ኣሰራርሓኡን ኣቀራርባኡን ትምህረና። ‘ኣዋጺእና ክንሕግዘኪ’ ክንብላ ከለና'ውን ኣይትሰምዓናን እያ። ግን እቲ ስክፍታኣን ወጽዓኣን ስለ ንርኢ፡ ገንዘብ ኣዋጺእና ከይረኣየትና ኣብ ጣውላ ገዲፍናላ ንኸይድሉ ግዜ ነይሩ። ኣምላኽ ደኣ ባዕሉ ዘልዓሎ ይተካኣላ'ምበር፡ ንሕናስ ከምቲ ዝመሃረትና ገንዘብ ኣይከፈልናያን። ሕጂ ከኣ ፈጣሪ ዓቕሚ እንተ ሂቡኒ በዚ ዝተማሃርክዎ ናተይ ዝበሎ ሬስቶራንት ክኸፍት መደብ ኣሎኒ።”



መም. መድህን ኣሰፋው



ኣልማዝ መንግስተኣብ

ኣብ መወዳእታ፡ ልዕሊ ኩሉ ብዓል ቤታን ደቃን ኣብ ጎድና ኮይኖም ብሞራል ብጉልበትን፡ ብዋዜን ብኻልእ ጸጋታትን ሳላ ዝሓገዝዋ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ክትበጽሕ ከም ዝኸኣለት እትገልጽ መም. መድህን፡ ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ኣሰራርሓን ኣቀራርባን መግቢ፡ ከም'ኡ'ውን ብዛዕባ ቁጠባ ገዛ (home economy) ዝምልከት ትሕዝቶ ዘለዋ ‘ህያበይ’ ዝርእስታ መጽሓፍ ኣሕቲማ ክትዝርግሕ መደብ ከም ዘለዋ ኣተንብሂትልና።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ሰለ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ (ድግግም) 1ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዓንሰባ - ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ትሕቲ 17 ዓመት ይካየድ ኣሎ

ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ትሕቲ 17 ዓመት፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብ10 ነሓሰ ኣብ ከተማ ከረን ተኸፊቱ።

ኣብዚ ሰንበት 16 ነሓሰ ዝተዛዘመ ውድድር፡ ከረን፡ ኣስማጥ፡ ሃበሮ፡ ሓልሓል፡ ዒላበርዕድን ዒዲተከሌዛንን ክሳተፉ እንከለዋ፡ ሓመልማሎ፡ ገሉብን ሓጋዘን ግን ብናይ ቴክኒክ ምኽንያት ቦኺረን።



ኣብቲ ዕለት፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ከረንን ዒዲ ተከሌዛንን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ከረን 3-ብ0 ተዓዊታ። ኣስማጥ ድማ፡ ብደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ንሃበሮ ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒራታ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ኣብ ዝቐጸለ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣስማጥን ንዒዲተከለዛንን፡ ሓልሓል ንዒላበርዕድ ከምኡ'ውን ከረን ንሃበሮ ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ኣፋንዮንአን። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣስማጥ ንከረን 3 ብ 2 ክትስዕራ እንከላ፡ ሃበሮ ንዒላበርዕድ ከምኡ'ውን ሓልሓል ንዒዲተከለዛን ብተመሳሳሊ 3-ብ1 ሰዒረንአን።

ረቡዕ ኣብ ዝበረ ጸወታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣስማጥ ኣብ ልዕሊ ዒዲተከሌዛን፡ ሓልሓል ኣብ ልዕሊ ዒላበርዕድ ናይ 3-ብ0 ዓወት ኣመዝጊበን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣስማጥ ንሓልሓል 3-ብ0፡ ዒዲ ተከሌዛን ንሃበሮ ከምኡ'ውን ዒላበርዕድ ንከረን ብተመሳሳሊ 2-ብ1 ከምዝሰዓረኦን ወኪል ዜና ዞባ ዓንሰባ ኣብ ዝሰደዶ ዜና ሓቢሩ።

## ማእከል - ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ይቕጽል

ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ዓርቢ ብጸወታታት ትሕቲ 15 ዓመት ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ፓራዲዞን ኣቮሻውልን፡ ኣኽርያን በሬኽን ከምኡ'ውን ቲራቮሎን ሰረጃቓን ብተመሳሳሊ 1-ብ1 ተፈላልየን። ብዘይካዚ፡ ጎደረት ንጉዳይፍ ከምኡ'ውን ማይ ተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ 1-ብ0፡ ገዛ ጣንዳ ንጋሻ ኣፍሒ 7-ብ0፡ ጸጸራት ንጽምብል 7-ብ1፡ ማእከል ከተማ ንኣርባዕተ ኣስመራ 3-ብ2 ሰዒረንአን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ በሬኽ ንዕዳጋ ሓሙስ 3-ብ0፡ ፓራዲዞ ንኣኽርያ 3-ብ1፡ ማይ ተመናይን ኣቮሻውልን 0-ብ0፡ ጉዳይፍን ኣርባዕተ ኣስመራን 1-ብ1 ተፈላልየን።

በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት፡ ካልኣይ ዙርያ ዛዚመን ናብ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ሰጊረን ዘለዋ ንኡሳን ምምሕዳራት፡ ካብ ምድብ 'ሀ' ደቂ ተባዕትዮ - ኣኽርያን ጉዳይፍን፡ ብደቂ ኣንስትዮ ጉዳይፍን በሬኽን፤ ካብ ምድብ 'ለ' ደቂ ተባዕትዮ - ኣርባዕተ ኣስመራን ማእከል ከተማን፡ ብደቂ ኣንስትዮ - ሰምበልን ጸጸራትን፤ ካብ ምድብ 'ሐ'፡ ብኽልቲኡ ጾታ ማይ ተመናይን ገዛ ጣንዳን፤ ካብ ምድብ 'መ' ድማ፡ ቲራቮሎን ፓራዲዞን ብደቂ ተባዕትዮ፤ ቲራቮሎን ኣቮሻውልን ብደቂ ኣንስትዮ ሓሊፈን ኣለዋ።



ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ድማ፡ ካብ ምድብ 'ሀ' ገዛ ጣንዳን ማይ ተመናይን ብደቂ ተባዕትዮ፤ ካብ ምድብ 'ለ' ኣርባዕተ ኣስመራን ማእከል ከተማን ብደቂ ተባዕትዮ፡ ሰምበልን ጸጸራትን ደቂ ኣንስትዮ፤ ካብ ምድብ 'ሐ' በሬኽን ጉዳይፍን ብደቂ ተባዕትዮ፤ ማይ ተመናይን ኣቮሻውልን ብደቂ ኣንስትዮ፤ ካብ ምድብ 'መ' ድማ፡ ኣቮሻውልን ፓራዲዞን ብደቂ ተባዕትዮ፤ ኣቮሻውልን ቲራቮሎን ብደቂ ኣንስትዮ ሓሊፈን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ ካልኣይ ዙርያ ግጥሚ፡ ከጸኡ ምኳኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ኣርሰናል፡ ንኦሲመን ንምፍራም . . .

ኣብዚ ሓዲሽ ወቕቲ ናይ ዓሚ ክብሪ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ንምዕቃብ እትጻወት ኣርሰናል፡ ንቪክቶር ኦሲመን ንምፍራም ምስ ክለቡ ጋላታሳራይ ተዘራሪባ - ብመሰረት ጋዜጣ ደይሊ ተለግራፍ።

ኣብዚ ዝርርብ፡ እንተላይ ጉዳይ ምስግጋር ተጻወቲ ኣርሰናል ጋብሬል ማርቲኔልን ኢታን ንዋኔርን ናብ ጋላታሳራይ ተላዒሉ። ጋላታሳራይ፡ ንማርቲኔሊ ብ45 ሚልዮን ዩሮ ከተፈርሞ ሕቶ ከምዘቕረበት'ውን ዝገልጻ ምንጪታት ኣለዋ።

ንኦሲመን ካብ ኣዋሕ ከምዘዘተገደስትሉ እትግለጽ ኣርሰናል፡ ነዚ ናይጀሪያዊ ኣጥቃዓይ ንምውናን ክሳዕ ዝርርብ ገዝሉ እንተሰሊዒ ልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ክትሕተት ከምእትኽእል ይግለጽ። ምኽንያቱ፡ ሰዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል፡ ብ130 ሚልዮን ፓውንድ ንኦሲመን ንምፍራም ዘቕረበቶ ሕቶ'ኳ፡ ብክለቡ ተቐባልነት ስኢኑ እዩ።




## ዜና ብሓጺሩ

* ዝሓለፈ 30 ሰነ ምስ ማን ዩናይትድ ዝበሮ ውዕል ድሕሪ ምብቃዑ ናጻ ተጻዋታይ ዘሎ - ጃዶን ሳንቾ፡ ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ክሰጋገር ከምዝደሊ ተገሊጹ - ወላ'ኳ ካብ ገለ ክለባት ሃገሩ ሕቶ እንተቐረበሉ።


ዚ እንግሊዛዊ ንምውናን ተጉዳስቲት ኣርእየን ምህላወን ካብ ዝግለጻ ክለባት ሓንቲ፡ ናይ ቅድም ክለቡ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ኢያ።

* ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ባርሴሎና - ጁለስ ኩንዴ፡ ኣብዚ ክረምቲ ካብዛ ስጳኛዊት ክለብ ክወጽእ ከምዘኽእል፡ ጋዜጣ ሙንዶ ዲፓርቲቮ ሓቢራ።

እዛ ናይ ስጳኛ ጋዜጣ፡ ኣርሰናል፡ ማን ሲቲን ሊቨርፑልን፡ ነዚ ወዲ 27 ዓመት ፈረንሳዊ ከምዝተገደሳሉ ገሊጻ።

* ረቡዕ ምሸት ዋንጫ ዩኤፋ ሱፐር ካፕ ዘልዓለት ፒኤስጂ፡ ንቤልጂዩማዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ - ሚካ ጎድትስ ከተፈርሞ፡ ምስ ክለቡ ኣያክስ ኣብ ናይ ቃል ስምምዕ በጺሓ።

ቅድሚ ሳምንቲ ምስ ጎድትስ ዝተሰማምዐት ፒኤስጂ፡ ኣብዚ መስርሕ ኣስታት 55 ሚልዮን ዩሮ ከተውጽእ ምኳና ይሕበር።




### መደብ ጸወታ

**ሰንበት**

**ኮሚኒቲ ሺልድ**

ኣርሰናል - ማን ሲቲ 5:00 ድ.ቀ

## ኮሚኒቲ ሺልድ፡ ኣርሰናል - ማን ሲቲ

ቅድሚ ኣፍሲ ወሰፍ ምጅማር ሓዲሽ ዓመት ስፖርት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝካየድ ግጥም ኮሚኒቲ ሺልድ፡ ጽባሕ ሰንበት ንኣርሰናልን ማን ሲቲን ከራኽብ እዩ።

ኮሚኒቲ ሺልድ፡ ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ዕውትቲ ፕሪመር ሊግን ጸዋእ ኤፍ.ኤ ካፕ ዘልዓለትን ክለባት ከምዘራኽብሉ ይፍለጥ። ሎሚ ዓመት ድማ፡ ኣርሰናል ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ፡ ማን ሲቲ ንኤፍ.ኤ ካፕ ብምልዓለን ከራኽብ እየን።

ኣርሰናል፡ ኣብ መስመር ምክልኻላ መሪሕ ተራ ዝጻወቱ ዊሊያም ሳሊባን ጁሪን ቲምበርን ብዝተፈላለየ ዓይነት መጉዳእቲ ክትክሰሮም ኢያ። እንተ'ቶም እዛ ጋንታ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ክትከውን ተራኦም ዝተጻወቱ ዝጠዘሑ ኣባላታ፡ ነዛ ጸወታ ድሉዋት ኣለዉ - እንተላይ ኣብዚ ክረምቲ ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኒውካስል ዝተሰጋገረ ብሩኖ ገማርሽ።

ብኣንጻሩ ማን ሲቲ፡ ሓደን ኣዝዩ ኣገዳሲን ሰብ ጉዲሉዋ ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ንዝሓለፈ ሓደ ዕቑድ ዝዓለማ ፐፕ ጓርድዮላ እዩ። እዚ ስጳኛዊ፡ ምስ ምዝዛም ዝሓለፈ ወቕቲ ነታ ክለብ ከምዝገደፋ ይዝከር። ዓቢ ታሪኽ ንዝሰርሓሉ ቦታኡ ከኣ፡ ኢጣልያዊ ዓላሚ ኢንዞ ማረስካ ተኪእዎ ኣሎ።

ብብዙሓት ወገናት 'ንቦታ ጓርድዮላ ምትካእ ከቢድ እዩ' ንዝተባህለ መዘኑ ተቐቢሉ ዘሎ ማረስካ፡ ብኢጋኡ ዋንጫ ናይ ምልዓል ዕድል ብዘለዎ ወግዓዊ ግጥም ይጅምር ኣሎ - ቀዳማይ ፈተናኡ። ዋንጫ ኣልዒሉ ብኢጋኡ ኣብ ልቢ'ቶም ጓርድዮላ ክጽንሓሎም እናተማሕጸኑ ዝገደፎም ደገፍቲ ክኣቱ'ውን ዘኽእሎ እዩ። እንተተሳዒሩ ግና፡ ዝያዳ ግዜ ክሓቶ እዩ።

እዚ ወቕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዝበርም ምሕዝነታዊ ግጥማት ዘይተጻወተ ዓንተር ኣጥቃዓይ ናይዛ ጋንታ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ናብ መለማመዲ ቦታ ተመሊሱ እዩ፤ ድሉው'ውን ኣሎ።

ጉዳይ ምስግጋሩ ናብ ባርሴሎና ኣብ ዝርርብ ዝርከበን ንስጳኛ መሪሑ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘልዓለን ሮድሪ'ውን፡ ኣብዛ ጸወታ ኣይክስለፍን እዩ - ሰሪ ዝሓለፈ ሳምንቲ ዘሰላሰሎ ናይ ሕቖ መጥባሕቲ። ካልኣይ ዝኸበረ ብሪጣንያዊ ተጻዋታይ ብዘሰርያ መሰርሕ ካብ ኖቲንግሃም ናብዛ ጋንታ ዝተሰጋገረ - ኢልዮት ኣንደርሰን ግና፡ ተቐያሪ ኮይኑ ክፍልምን ቀዳመይቲ ጸወታኡ ብማልያ ሲቲ ክካይድን ትጽቢት ይግበረሉ።

እዘን ጋንታታት፡ ሰለስተ ሳብ ኣብ 1934፡ 2014ን 2023ን ኣብ ኮሚኒቲ ሺልድ ተራኺበን፤ ኣርሰናል ድማ፡ ንሰለስቲኡ ተዓዊታትሉ። ኣብዛ ራብዐይቲ ርክብ ከ፡ ኣብ ዌልስ ከተማ ካርዲፍ ዝርከብ ሃገራዊ ስታድዩም 'ፕሪንሲፓሊቲ' ክምልሶ እዩ። እዚ ጸወታ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዕቑዳት ንፈለማ ግዜ እዩ ኣብ ዌልስ ዝካየድ ዘሎ። ዝጠዘሐ ግዜ ነዚ ጸወታ ዘኣንገድ ዝበረ ስታድዩም ዌምብሊይ፡ ኣብዛ ዕለት (ሰንበት) ኮንሰርት ክካየደሉ ብምኳኑ እዩ፡ ናብ ካልእ ስታድዩም ተቐይሩ።

ኣርሰናል፡ 17 ሳቡ፡ ሲቲ ከኣ፡ ብሸውዓተ ግዜ ነዛ ዋንጫ ብምልዓል፡ ብዝበዝሐ ዓወታት ካልኣይቲን ሓሙሸይቲን ይርከባ። ማን ዩናይትድ፡ ብ21 ዓወታት ኣብ ቀዳሚት ትርከብ።

### ከምዚ'ውን ኣሎ

ፖሊስ ቦሊቪያ፡ ጣንዴራ ብራዚላዊት ክለብ ሳኦ ፓውሎ ኣብ ዝተሰጠፉ ኣውቶቡስ፡ 86 ኪሎግራም ሓሺሽ ሓዚዩ።




ሳኦ ፓውሎ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ቦሊቫር ዝተባህለት ናይ ሃገረ ቦሊቪያ ክለብ፡ ኣብ 'ኮፓ ሱዳኣመሪካና' ዝጽዋዕ ውድድር ጸወታ ነይሩዋ። እዛ ጣንዴራን ሕላገትን ሳኦ ፓውሎ ዝተሰጠፉ ኣውቶብስ ናይ ተጻወቲ ድማ፡ ሰሉስ ምሸት ናብታ ሃገር ክትኣቱ ፖሊስ ደው ኣቢሉዋ። ድሕሪ ዝገበሮ ተፍትሽ ድማ፡ 86 ኪሎግራም ማሪዋና ዝዓይነቱ ሓሺሽ ኣብ ውሽጣ ጸኒሑዋ። ኣብኡ ዝጸንሑ ሰለስተ ሰባት ድማ ተኣሲሮም።

ደኮን እምበር፡ ሳኦ ፓውሎ፡ ኣብዚ ጉዳይ ኢድ ከምዘይብላ ብምግላጽ፡ ነታ ኣውቶብስ ከምዘይተጠቐመትላን ምስኣ ምትእስሳር ከምዘይብላን ኣፍሊጣ።

እዘን ክለባት፡ ኣብቲ ረቡዕ ዘካየዳኦ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ፡ 1-ብ1 ተፈላልየን፤ ረቡዕ 19 ነሓሰ ከኣ፡ ኣብ ብራዚል ግጥም ካልኣይ እግሪ ክካይዳ እየን።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ተወሳኺት መርከብ ውግእ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ተበግስ

ኣመሪካ፡ ነታ ኣብ ከውናት ኢራን ትሳተፍ ዘላን ንልዕሊ 260 መዓልታት ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝጸንሐትን ዓርሞሸሽ መርከብ ውግእ 'ዩኤስኤስ ኣብርሃም ሊንከን' ንምትካእ፡ ካልእ መርከብ ውግእ ናብቲ ዞባ ከም ዘበገሰት፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ንላዕለዎት ሰበ ስልጣን ብምጥቃስ ሓቢረን።



እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን፡ ዝሓለፈ ሓሙስ፡ እታ 'ዩኤስኤስ ጆርጅ ዋሺንግተን' ዝተባህለት ደርማስ መርከብ ውግእ፡ ንህንዳውን ሰላማውን ውቅያኖሳት ኣብ ዘራኽብ መጻብቦ ማላካ ከም ዝተራእየት ገሊጸን።

ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት፡ መርከብ ውግእ 'ዩኤስኤስ ኣብርሃም ሊንከን' ብሰንኪ ወሻጣዊ ኩነታት ኣብ ሕማቕ ደረጃ ብምህላዋን ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኣባላት ናይታ መርከብ ከኣ እናንቆልቆለ ብምምጽኡን፡ መርከብ ውግእ 'ዩኤስኤስ ጆርጅ ዋሺንግተን' ናብ ኢራን ከተምርሕ ከም ዝተገደደት ኣረዲኦም።

## ሩስያ ንኽልተ መራኽብ ዩክሬን ተጥቅዕ

ፈደረሽን ሩስያ፡ ሰራዊታ ኣብ ልዕሊ ኣብ ወደብ ኢዝማይል ዝርከብ መደበር መንገዲ ባቡርን ክልተ መራኽብን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ሓቢራ።

ዩክሬን ብወገና፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርታ ኣብ ጥቓ ከተማ ሞስኮ ንዝርከብ ማእከል ሰደድ ነዳዲ ባልቲክን ዓቢ መኽዘንን ከም ዝደብደበት ገሊጻ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ እቲ ዒላማ ዝገበሮ መደበር መንገዲ ባቡር፡ ኣብ ምጽዓንን ምኽዛንን ወተሃደራዊ ዕጥቅን ነዳድን ሰራዊት ዩክሬን ከገልግል፡ እተን መራኽብ ከኣ ናብ ወደባት ዩክሬን ኣጽዋር ከመላልሳ ምጽንሐን ኣረዲኡ።



እቲ ሚኒስትሪ ኣስዒቡ፡ እቲ ብሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ማእከል ሰደድ ነዳዲ ባልቲክ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዝሰዓበ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዝወዓለ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ከባቢታት ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ኣብ ሓደ ለይቲ ጥራይ ንልዕሊ 50 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ወቒዑ ከም ዘውደቐ ኣፍሊጡ።

ዩክሬን፡ ንሩስያ ንምድኻም፡ ኣብ ልዕሊ መጻረዪ ነዳዳ፡ ወደባትን ትሕተ ቅርጺ ጸዓትን ናይታ ሃገር ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ተኻይድ ከም ዘላ እያም ምንጭታት ዝሕብሩ።

## ማሊ - ብዕጡቓት ተታሒዞም ዝጸንሑ 82 ወተሃደራት ተለቒቖም

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ፡ ብዕጡቓት ጉጅለታት ተታሒዞም ዝጸንሑ 82 ወተሃደራት መንግስቲ ናጻ ከም ዝተለቁ፡ መንግስቲ ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ መንግስቲ ወሲኹ፡ እቶም ወተሃደራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ከም ዘለዎም ብዝገለጹ ዕጡቓት ጉጅለታት ጂሃ ተታሒዞም ከም ዝጸንሑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብዚ እዋን እቶም ወተሃደራት ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከቡ ኣሚኑ።

ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ዕጡቕ ጉጅለ 'ፍላ'፡ እቶም ዝለቐቖም ወተሃደራት መንግስቲ፡ካብ 2023 ክሳብ 2026 ኣብ ዘሎ ዓመታት ዝማረኾም ምዃኖም ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ካልኦት 118 ወተሃደራት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዝርከቡ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ማሊ፡ ነቶም ወተሃደራት ናጻ ናይ ምልቃቕ መስርሕ ብመንገኛነት ኣልጀርያ ከም ዝተኻየደ ኣረዲኡ።



## ህንዲ ምስ ሩስያ ብመስመር ኣርክቲክ ንግዲ ትጅምር

ህንዲ፡ ምስ ፈደረሽን ሩስያ ብመስመር ኣርክቲክ ክተካይዶ ወጢናቶ ዘላ ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት ክትግበር ከም ዝጀምር ሓቢራ።

ንቅሩብነት ህንዲ ዝመጉሰት ሩስያ ብወገና፡ ንትግበራ ናይ'ቲ ንግዳዊ መደባት ዝምልከት ጽዑቕ ንጥፈታት ተኻይድ ከም ዘላ ኣፍሊጣ።

እዚ ሓድሽ ንግዳዊ መስመር፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ተፈጢሩ ብዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ክሰዕብ ንዝኽእል ንግዳዊ ብድሆታት ዘቃልል ኣብ ርእሲ፡ ምዃኑ፡ ካብ'ቲ ክልተኣን ሃገራት ክጥቀማሉ ዝጸንሓ ንግዳዊ መስመር'ውን ዝሓጸረ እዩ።

በዚ ድማ፡ እቲ መደብ ክትግበር ምስ ጀመረ፡ ኣብ ምድንጓዕ ንግዳዊ ዝምድናኦን ዝጻወቶ ተራ ብቐሊሉ ከም ዘይግመት እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ሩስያን ህንድን፡ ልዕሊ 65 ቢልዮን ዶላር በጺሑ ንዘሎ ዓመታዊ መጠን ንግዳዊ ልውውጠን፡ ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ ዓመታት ናብ 100 ቢልዮን ዶላር ክብ ንምባሉ ዓሊመን ይሰርሓ ከም ዘለዋ ይሕበር።

ባህርያዊ ጋዝ፡ ነዳዲ ዘይቲ፡ ምህርቲ ሕርሻ፡ ወተሃደራዊ ዕጥቅን ማሽነሪታትን ካብ'ቶም ንግዳዊ ልውውጥ ዝፍጸሞም ቀንዲ ምህርትታት ምዃኖም፡ ጸብጻባት የረድኣ።




## ኣመሪካ፡ እስራኤል ሰራዊታ ካብ ሊባኖስ ክትስሕብ ጸዊዓ

ኣመሪካ፡ እስራኤል በቲ ዝኸተመትሉ ስምምዕ መሰረት፡ ሰራዊታ ካብ ሊባኖስ ክትስሕብ ጸዊዓ።

ኣመሪካ ነዚ ጻውዒት ተቐርብ ዘላ፡ ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል - እስራኤል ካትዝ፡ ሰራዊቱ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ክጸንሕ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

ብመሰረት ዝሓለፈ 26 ሰነ እስራኤልን ሊባኖስን ብመንገኛነት ኣመሪካ ዝበጽሓኦ ስምምዕ፡ መንግስቲ ሊባኖስ ንሕዝቦላህ ዕጥቂ ከም ዘፍትሕ ብምግባር ኣብታ ሃገር ናቱ ሰራዊት ከም እንኮ ዕጡቕ ሓይሊ ክቕወም፡ ኣምሳያ ናይዚ ከኣ እስራኤል ካብቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዝርከብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ክትወጽእ እዩ ተመዲቡ ጸኒሑ።

ይኹን'ምበር፡ ሚኒስተር እስራኤል ካትዝ፡ ሰራዊት ሃገሩ ካብቲ ኣብ ሊባኖስ፡ ሶርያን ወሸመጥ ቓዛን ዝርከብ ናይ ጸጥታ ዞባታት ከም ዘይወጽእ እዩ ኣፍሊጡ ዘሎ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ መሬት ሊባኖስ ንዘዊሕ እዋን ክጸንሕ ዘኽእሎ ኣድላዪ ቅድመ ምድላዋት ክገብር ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈሉ ሓቢሩ'ሎ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ እስራኤል ንመሬት ሊባኖስ ክትገብጦ ባህጊ ከም ዘይብላ ከም ዘረጋገጸት ድሕሪ ምግላጽ፡ ክልተኣን ሃገራት በቲ ዝበጽሓኦ ስምምዕ ክቕየዳ ኣተሓሳሲቡ።



እቲ ክፍሊ ወሲኹ፡ ህላወት ሰራዊት እስራኤል ኣብ ሊባኖስ፡ ኣብ ዝተናወሐ እዋን ንሰላምን ጸጥታን ክልተኣን ሃገራት ብኣሉታ ክጸልዎ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ እስራኤል ኣስታት 600 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሰፍሓቱ መሬት ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ኀቢጣ ከም እትርከብ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውለዕ | 15/8/26 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 164385 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services